

# መፅናዕቲ ኩነታትን ድልየታትን
# ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ

## ፅሟቕ ሪፖርት

ጥቅምቲ 2017
አዲስ አበባ፤ ኢትዮጵያ

የሴቶችና ማሕበራዊ ጉዳይ ሚኒስቴር
Ministry of Women and Social Affairs

Funded by
the European Union

NEWA

OXFAM

*መፅናዕቲ ኩነታትን ድልየታትን*
**ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ**

# ፅሟቕ ሪፖርት

*ጥቅምቲ 2017*
*ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ*


**ፕሮጀክት ፋይናንስ**
ሕብረት ኣውሮጳ (EU)

**ኣንፈት ፕሮጀክት**
ብጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (NEWA) ምስ ኦክስፋም ኢንተርናሽናልን ሚኒስትሪ ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (MoWSA) ዝምራሕ ኣማኻሪ ፓነል ብምኳን።



**ፀሓፍቲ**
ዚያደ ሃይሉ፣ ጥላሁን ግርማ፣ ቅድስት ገብረስላሴ፣ ዳኒኤል ንጋቱ፣ ትርሲት ሳህለድንግል



Photo credit: https://www.flickr.com/photos/rod_waddington


## ብዛዕባ ሚኒስቴር ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያት፣ ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ኦክሳፋምን

ሚኒስቴር ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (MoWSA) ብኣዋጅ ቁፅሪ 1263/2014 ዝተመስረተ ፌደራላዊ ሚኒስቴር እዩ። እቲ ሚኒስቴር ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ፣ህፃናት፣መንእሰያትን ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ጉዳይ ጉዱኣት ኣካላት፣ ኣረጋውያን፣ ኣብ ከተማ ዝነብሩ ፅጉማት፣ ድኻታት፣ ንፀገም ተቓላዕትን ዝተገለሉን ክፋላት ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝከታተል ኣካል እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ https://www.mowsa.gov.et ተወከሱ

ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (NEWA) ኣብ 2003 ብጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተመስረተት ንመኽሰብ ዘይትሰርሕ ጥምረት ኮይና ንዕቤት ደቂ ኣንስትዮ እኩብን ዝተዋደደን ዓቕምን ዝሓየለ ናይ ድጋፍ ድምፅን ንምፍጣር ዓሊማ እትሰርሕ ብሄራዊ ጥምርት እያ። ከምኡውን ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ሕጋውን መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ንምኽባር ካብ ዝሰርሑ ዓበይቲ ሃገራዊ ጥምርታት ሲቪላዊ ማሕበራት ሓንቲን ቀዳመይትን እያ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ  newaethiopia.org ተወከሱ

ኦክስፋም ኣብ ኢትዮጵያ እውን ብተመሳሳሊ ካብ መጀመርታ 1970'ታት ዓ.ም.ፈ ጀሚሩ መሰረታዊ ጠንቅታት ድኽነትን ምግላልን ንምፍታሕ ኣብ ምምዕባል ዘላቒ መነባብሮ፣ ቀረብ ማይን ፅሬትን፣ ሕርሻ፣ ምርምር ኩነታት ኣየር፣ ፆታን ሰብኣዊ ጉዳያትን ብምትኳር ክሰርሕ ፀኒሑ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ Oxfam.org  ተወከሱ

ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ኦክሳፋምን ምስ ሚኒስትሪ ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን ብምትሕብባር እዚ ፕሮጀክት መፅናዕቲ ኣተግቢሮም እዮም።

ሕብረት ኣውሮጳ ነቲ መፅናዕቲ ዝመወሎ ኮይኑ እቲ ናይ ምክትታል ደገፍ ብክኢላታትን ተሓለቕቲ ስርዓተ-ፆታን ዝቖመ ኣማኻሪ ፓነል ተገይሩ እዩ።

# መቕድም

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንፆታዊ ማዕርነትን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ዘኽእሎ ሃዋህው ኣብ ምዕባይ ብዙሓት ስዳሮታት ከም ዝተጉዓዘ ይፍለጥ። ፆታዊ ዘይምዕሩይነት ንምፍታሕ ዓሊሞም ዝተተግበሩ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ናይዚ መርኣያ እዮም። እዞም ፃዕርታት እናሃለዉ ግን ማሕበራዊ ስርዓታት፣ ባህላዊ ኣሰራርሓታትን ኣብ ዝተወሰኑ ክልላት ዝካየዱ ዘሎዉ ግርጭታትን ንስጉምትታት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ብድሆታት ኮይኖም ይቕፅሉ ኣለዉ። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን መብዛሕትኡ ግዜ ግዳይ ፆታዊ ዓመፅን ካልእ ዓይነት ግህሰትን ዝኾናሉም መስካሕክሒ ግጭታት ይቕፅሉ ኣለዉ። ዝተበጋገሱ ሃገራዊ ፖሊሲታት ንፆታዊ ማዕርነት ተወፋይነት ከም ዘሎ ዘርእዩ እኳ እንተኾኑ ብፍላይ ብዛዕባ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ  ኣብ ኩነታት ቅልውላው ዝምልከት ኩለመዳያዊ መረዳእታ የለን።

ቅድሚ ሕዚ ዝተገብሩ ፃዕርታት ምእካብ መረዳእታ ጠቓምቲ እኳ እንተኾኑ ዝተበታተኑ ብምዃኖም ተመኩሮታት ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ዘይተኣሳሰር ርድኢት እዩ ዘሎ። ዝተፈላለዩ መዳያት ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ውሁድ መፅናዕቲ ዘይምህላዉ ኣብ ሓበሬታ ዝተመስረተ ውሳነን ውፅኢታዊ ድጋፋዊ ምትእትታዋት ንምግባር ዕንቅፋት ኮይኑ ኣሎ። ነዚ ክፍተት እዚ ርዱእ ብምግባር  ዝተዋሃሃደ ዳህሳስ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ክካየድ ክኢሉ እዩ። እዚ ምርምር ንምክያድ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (Participatory Action Research, PAR) ድማ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩን ፍሉይን ተበግሶ ኮይኑ ተረኺቡ እዩ። ከምኡ እውን ዓይነታውን ቁፅራውን ሜላታት መፅናዕቲ ብምጥቃም በዚ ዝተረኸቡ ሓበሬታት ናብ ውሁድን እዋናውን ቦኽሪ ሓበሬታ (ዳታሴት) ብምእታው ንኣገልግሎት ክውዕሉ ምግባር ዝዓለመ እዩ። ኣብ ሙሉእ እታ ሃገር 36,367 ደቂ ኣንስትዮ ብምዝርራብ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ብዙሓት ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ብምክያድ እቲ መጽናዕቲ ብዛዕባ ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ሰፊሕ ሓፈሻዊ ገለፃ ዝህብ እዩ። በዚ ኣቢሉ  እዚ መፅናዐቲ ንቲ ዝተሓላለኸ ናብራን ተሞኩሮን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግምት ዘእተወ ንዘሎዉ ናይ መረዳእታ ጎደሎታት ንምምላእን ፈቲኑ እዩ።

በዚ መፅናዕቲ ዝተኣከበ  ሓድሽ መረዳእታ፣ ንሓንፀ ፅቲ ፖሊሲታት፣ ስራዓተ-ፆታ፣ ንሚድያታትን ተመራመርትን ከም ጠቓሚ ፍልፍል መረዳእታ ኮይኑ ከገልግል እዩ። ሓንፀፅቲ ፖሊሲ ነቶም ርኽበታት ተጠቒሞም ኣብ መረዳአታ ዝተመርኮሱ ፖሊሲታት ክሕንፅፁ እንከለዉ ስራዓተ-ፆታ ድማ ነቲ ሓበሬታ ተጠቒሞም ንቕሓት ንምዕባይን ንለውጢ ፖሊሲ ክጉስጉሱን ይኽእሉ። ሰብ-ሞያ ሚድያ ቁልፊ ጉዳያት ከጉልሑ፣ ህዝባዊ ዲስኩር ክህሉን ተሓታትነት ክሰፍንን ክገብሩ ይኽእሉ። ምሁራት ድማ ምዕቡላት ስታቲስቲካዊ መሳርሒታት ተጠቒሞም ሓድሽ ፍልጠት ከመንጩዩ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ለገስቲ ሽሪኻት ልምዓት (donor development partners) ሃገራዊ ፕሮግራማቶም ሕቶታትን ድልየትን ደቂ ኣንስትዮ ብዝሓሸ ንምምላስ ብዘኽእል ከምብሓዱሽ ክድህስሱ ክግብሮም ይኽእል እዩ።

ብሓፈሻ ምፍራይ እቲ መፅናዕታዊ ፀብፃብ ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (NEWA)፣ ሚኒስቴር ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን፣ ሕብረት ኣውሮፓን ኦክስፋምን ንደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዘጋጥሙወን ዝተፈላለዩ ብድሆታት ንምርዳእን ንምፍታሕን ዘለዎም ተወፋይነት ዘርኢ እዩ። ኣብዚ መፅናዕቲ ዝገብርዎ ወፍሪ ኣብ ኢትዮጵያ ንደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ፍትሓዊ መፃኢ ንምቕራፅ ዘሎዎም ናይ ሓባር ራእይ ዘንፀባርቕ እዩ።

**ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ኦክሳፋምን**



# ምስጋና

ዕዉት ኣፈፃፅማ “መፅናዕቲ ህልው ኩነታትን ድልየታትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (EWSP )” ብኣበርክቶ ብዙሓት ውልቀሰባትን ትካላትን እዩ ክውን ክኸውን ክኢሉ። ልግሲ ዝመልኦ ፋይናንሳዊ ድጋፍ ብምግባር ነዚ መፅናዕቲ ክከኣል ዝገበረ ንሕብረት ኤውሮፓ ልዑል ምስጋናና ነቕርብ። ሕብረት ኣውሮፓ ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ንምዕባይን ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነት ንምምሕያሽን ዘሎዎ ተወፋይነት ኣዝዩ ዝምስገንን ብዋጋ ዘይትመንን እዩ።

ብሚኒስትሪ ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (MoWSA) ዝምራሕ ላዕለዋይ-ብርኪ ኣማኻሪ ፓነል እውን ኣብ ምሉእ ከይዲ እዚ ናይ ምርመር ፕሮጀክት ንዝሃበዎ ኣመራርሓ፣ ክእለትን ዘይንቕነቕ ተወፋይነትን ሞሳ ይግበኦም። ካብ ቢሮታትን ኣብያተ ፅሕፈትን ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳይን  ክልላት፣ ከተማታትን ወረዳታትን ንዝተረኸበ ደገፍ እውን ዝልዓለ ኣፍልጦ ንህብ። ብተወሳኺ ትካላት መሰላት ደቂ ኣንስትዮ፣ ማሕበራትን መሓውራትን ነቲ መፅናዕቲ ሓጊዘን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣሳታፊ ተግበራዊ መፅናዕቲ (PAR) እውን ተሳቲፈን እየን።

ፍሉይ ምስጋና ንፀሓፍቲ እዚ ፀብፃብ መፅናዕቲ  ዚያደ ሃይሉ፣ ጥላሁን ግርማ፣ ቅድስት ገብረስላሴ፣ ዳንኤል ንጋቱን ትርሲት ሳህለድንግልን ከምኡ እውን ንሓላፊ ዳታ ማናጀርን ፕሮግራመርን ግሩም ጌታቸውን ሓላፊ ቁፅፅር ፅሬት ኣማኑኤል ኪሮስን ነቕርብ። ኣብ ኤኮን ኣማካሪ (ECON M. Consultants)ን ኣባ መላ ኣመኻሪ ቢዝነስን (ABAMELA Business Consulting)ን ዝነበሩ ጉጅለታት ኣተሓባበርቲ ዳህሳሳዊ ምርምር ንዝገበሩዎ ኣብነታዊ ምውህሃድ፣ ሎጂስቲካዊ ደገፍን ንዕውትነት እዚ ዳህሳስ ንዝገበርዎ ተወፋይነትን ከምኡ እውን ኣብ ሸሞንተ ክልላት ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR)  ዘካየዱ ኣተሓባበርቲ ዓይነታዊ ምርምር ፍሉይ ኣፍልጦ ይወሃቦም።

ኣብ መወዳእታ ነቶም ግዜኦምን ተመኩሮኦምን ርድኢቶምን ብለጋስነት ዘካፈሉ ተሳተፍቲ መፅናዕቲ ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

እዚ ፃዕሪ'ዚ ብዘይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ውልቀ-ሰባትን ትካላትን ናይ ሓባር ፃዕርን ተወፋይነትን ክዕወት ኣይምኸኣለን። ምትሕብባር መሻርኽቲ ኣብ ምብራኽ ፍልጠትን ርድኢትን ዛዕባታት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ኦክሳፋምን**

# ACRONYMS AND ABBREVIATIONS

| | |
|---|---|
| AIDS | Acquired Immunodeficiency Syndrome |
| BGRS | Benishangul Gumuz Regional State |
| CBO | Community-Based Organizations |
| CSA | Central Statistical Agency |
| DHS | Demographic and Health Survey |
| DG | Discussion Group |
| EA | Enumeration Area |
| ESS | Ethiopian Statistics Service |
| EU | European Union |
| FCV | Fragility, Conflict, and Violence |
| GBV | Gender-Based Violence |
| GGGI | Global Gender Gap Index |
| HIV | Human Immunodeficiency Virus |
| ICT | Information and Communications Technology |
| IDRC | International Development Research Centre |
| IFPRI | International Food Policy Research Institute |
| IUD | Intrauterine Device |
| LMS | Labor Force and Migration Survey |
| MSE | Micro and Small Enterprises |
| NEWA | Network of Ethiopian Women Associations |
| NGO | Non-Governmental Organization |
| OXFAM | Oxford Committee for Famine Relief |
| PAR | Participatory Action Research |
| PSNP | Productive Safety Net Program |
| PwD | Persons with Disability |
| SEW | Survey of Ethiopian Women |
| SHG | Self-Help Group |
| SPSS | Statistical Package for the Social Sciences |
| STATA | Statistical Software for Data Science |
| TV | Television |
| TVET | Technical and Vocational Education and Training |
| WEAI | Women's Empowerment in Agriculture Index |
| WGD | Women Group Discussion |
| WG | Women Group |





*መፅናዕቲ ኩነታትን ድልየታትን*
**ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ**

**መቕድም** ........ i
**ምስጋና** ........ ii
**ኣሕፅሮተ ቃላት** ........ iii

**1. ድሕረ ባይታ** ........ **1**
1.1 መእተዊ ........ 1
1.1.1 ሓፈሻዊ ዳህሳስ መፅናዕቲ ........ 5
1.1.2 ዕላማታት መፅናዕቲ ........ 6
1.1.3 ኣወዳድባ/ቅርፂ ፅብፃብ መፅናዕቲ ........ 6
1.2 ሓፈሻዊ ድህሳስ ኣገባባት መፅናዕቲ ........ 6
1.2.1 ኣገባብ ዳህሳስ ........ 6
1.2.2 ዓይነታዊ ኣገባብ ምርምር ........ 7
1.2.3 ውህደት ንዝተሓዋወሰ ኣገባባት መፅናዕቲ ........ 7
1.2.4 ብድሆታትን ድሩትነትን መፅናዕቲ ........ 7
1.2.5 ትንተናዊ ቅርጺ ........ 8

**2. ቁልፊ ርኽበታት** ........ **10**
2.1 ቴማታት ኣብ ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ........ 10
2.1.1 ቁጠባዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ........ 10
2.1.2 ኩነታት ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ........ 11
2.1.3 የተበፃሕነት ትምህርቲ ደቂ ኣንስትዮ ........ 12
2.2 ብድሆታትን ፅንዓትን ........ 12
2.2.1 ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን ዓመፅ ........ 13
2.2.2 ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ኣገባብ ምፅዋርን ........ 13
2.2.3 ተበፃሕነት ፍትሒ ንደቂ ኣንስትዮ ........ 14
2.3 ባህግታትን ዓቕሚ ምፍፃምን ........ 14
2.3.1 ቀዳምነታትን ባህግታትን ደቂ ኣንስትዮ ........ 14
2.3.2 ፖለቲካን ሲቪካዊ ተሳትፎን ........ 14
2.3.3 ኩነታት ሰላምን ድሕንነትን ........ 15

**3. መደምደምታን ለበዋታትን** ........ **16**
3.1 መደምደምታታት ........ 16
3.2 ብድሆታትን ፅዋርነትን ........ 15
3.3 ለበዋታት ........ 17

**መወከሲ ፅሑፋት** ........ **26**




# 1 ድሕረ ባይታ

## 1.1 መእተዊ

### 1.1.1 ሓፈሻዊ ትሕዝቶ መፅናዕቲ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ፆታዊ ማዕርነትን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ንምምሕያሽ ፅኑዕ ተወፋይነት ዘለዎ ኮይኑ ነዚም ዕላማታት ዝድግፉ ብርክት ዝበሉ ትካላውን ፖሊሲኣውን ስጉምትታት ወሲዱ እዩ። ፆታዊ ማዕርነትን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን (GEWE ) ሃገራዊ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ኣብ ማእከል ኩሎም ፖሊሳዊ፣ ሕጋውን ትካላውን ማዕቐፋት ተቐሚጡ ኣሎ። ፆታዊ ኢፍትሓውነት ንፍታሕ ፆታዊ ማዕርነት ንምስፋንን ንደቂ ኣንስትዮ ዝጠቅሙ ብዙሓት ፖሊሲታት፣ ሕግታትን ስትራተጂታትን ተግባራዊ ኮይኖም እዮም። ስርዓተ-ፆታ ኣብ ውሽጢ ቁልፊ ሃገራዊ ትልምታት ልምዓትን ከምኡ እውን ኣብ ከም ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ኢንዱስትሪን ካልኦት ሴክተር ትልምታትን ክወሃሃድ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ስርዓተ-ፆታዊ መደባት ንምውህሃድን ንምክትታልን ትካላዊ መሓውራት ክምስረቱ ተገይሩ እዩ።

ዋላ'ኳ ጥንኩራትን ገስገስትን ፖሊሲታት፣ ስትራተጂታትን ትልምታት ተግባራትን ይሃልዉ ፆታዊ ስርዓታትን ኣሰራርሓታትን ከምኡ'ውን ግጭትን ዓመፅን ደቂ ኣንስትዮ ንምብቃዕ ንዝግበሩ ፃዕርታት በዳሂ ገይሮሞዎም እዮም። ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብሳዕቤናት ግጭት እናተሃሰያን ግዳያት ፆታዊ ዓመፅን ካልኦት ዓይነት ግህሰትን እናኮናን ይቕፅላ ኣለዋ። ሃገራዊ ፖሊሲታትን መደባትን ንምብራኽ ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርትን ምብቃዕን ዘሎ ጥንኩር ተበግሶ ዘርእዩ እኳ እንተኾነ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ደቂ ኣንስትዮን ቀዳምነታተንን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ትክክለኛ ባህሪ ዘጋጥምወን ፀገማት ዝምልከት ኩለ-መዳይ ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ውሱንነት ኣሎ።

ቅድሚ ሕዚ መረዳእታ ንምእካብ ዝተገብሩ ፃዕርታት ጠቓምቲ እኳ እንተኾኑ ብዛዕባ ተመኩሮታት ደቂ ኣንስትዮ ዝቖርፁ ተደራረብቲ መዳያት (multi-layered aspects) ውሁድ ርድኢት ንምፍጣር ዘየኽእሉ ዝተበታተኑን ድሩታትን እዮም። ዝተፈላለየ መዳያት ተመኩሮ ደቂ ኣንስትዮ ብሰፊሑ ዝዳሀሰሰ ውሁድ ሓበሬታ ዘይምህላዉ ብሓበሬታ ዝተሰነየ ውሳነ ንምሕላፍን ፅልዋ ዘለዎ ድጋፋዊ ምትእትታዋትን ንምግባርን ኣገደስቲ ዝኾኑ ቅኑዕን ዝተጠርነፈን ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ዕንቅፋት ፈጢሩ ፀኒሑ እዩ።

ብተወሳኺ ገለ መረዳእታታት ግዜኦም ዝሓለፎም ብምዃኑ እዋናውያን ጉዳያት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ብትኽክል ንምንፅብራቕን ብፍላይ ካዓ ኣብ ዘይርጉዕ ሃዋህው ዘሎ ኩነታት ንምፍላጥ ቀፃልን እዋናውን ሓበሬታ ምእካብ ኣገዳሲ ይኸዉን። ብፍላይ ኣብ ዝግበሩ ሃገራዊ መፅናዕትታት ብደረጃ ዞባ ወከልቲ መረዳእታታት ብደንቢ ኣይእከቡን። እዚ ካዓ ኣብ ልዕሊ ልክዕነት ፖሊሲታትን ድጋፋዊ ምትእትታዋትን ልዑል ፅልዋ ስለ ዘሎዎ ኣድላይነት ዓሚቑ ርድኢት ክልላዊ ዳይናሚክስ (ለውጥታት) ኣድላዪ ይገብሮ።

ነዚ ንምትግባር ድማ እዚ ፀብፃብ መፅናዐቲ "ህሉው ኩነታትን ድልየታትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ (EWSP)" ከም ሓደ ፍሉይ ተበግሶን ብዙሓት ኣበርክቶታት ዘሎዎን እዩ። ንቲ ዝነበረ ፀገም ዝተበታተነ መረዳእታ ደቂ ኣንስትዮ መልሲ ንምሃብን ዘይተኣርነቡ ሓበሬታት ብስርዓት ናብ ሓደ ውሁድን እዋናውን ፈላማይ በኸራ ሓበሬታ (ኦሪጂናል ዳታሴት) ንምምፃእ ብምዕላም እዚ ኩለመዳያዊ መፅናዕቲ ተኻየዱ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ኩለንተናዊ ኣገባብ (Holistic approach) ብምትግባርን ኽልቲኦም ዓይነታውን ቁፅራውን ሓበሬታ ብምጥቃምን ኩለመዳይ ናብራ ደቂ ኣንስዮ ዝምልክት ሓበሬታ ብምእካብ ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትንታነ ኣቕሪቡ ኣሎ። እቲ መፅናዕቲ ብዙሓት መዳያት ህይወት ብምክታት ደቂ ኣንስትዮ ንዘሕልፈኦ ዘሎዋ ዝተሓላለኸ ባህሪ ኩነታት ኣለልዩ እዩ። ኣበርክቶ ናይዚ መፅናዕቲ እውን ንደቂ ኣንስትዮ ዘግዱሱወንን ቀዳምነት ድልየታተንን ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ዘሎ ክፍተት መረዳእታ ብምምላእ እዩ። ኣብ መላእ ሃገር ንዝርከባ 36,367 ቃለ መሕትት ብምግባርን ኣብ 8 ክልላት ን440 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጉጅለ ዘተ ብምስታፍን ክሳብ ሕዚ ካብ ዝተኻየዱ ሰፊሕን ኩለመዳያውን ፃዕርታት ሓደ እዩ።

በዚ መፅናዕቲ ዝተኣከቡ ሓድሽቲ ሓበሬታታት ንሓንፀፅቲ ፖሊሲታት፣ ተሓለቕቲ ስርዓተ-ፆታ፣ ሚድያታትን ተመራመርትን ሓዊሱ ንሓያሎ ግዱሳት ኣካላት ከም ፍልፍል ሓበሬታ ኮይኑ ከገልግል እዩ። ሓንፀፅቲ ፖሊሲ ነቶም ርኽበታት ተጠቒሞም ፆታዊ ማዕርነትን ስጉምቲታት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ዘተባብዑ ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሱ ፖሊሲታት ክሕንፅፁ ይኽእሉ።

ተሓለቕቲ ስርዓተ-ፆታ ድማ ንቶም ሓበሬታት ንቕሓት ንምዕባይን ድምፂ ንምዃን፣ ንለውጢ ፖሊሲ ንምጉስጓስን ሕብረተሰባዊ ለውጢ ንምምራሕን ኣብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ጠቓሚ ኮይኑ ክረኽብዎ እዮም። ሰብ ሙያ ሚድያ ነቲ ሓበሬታ ቁልፊ ጉዳያት ብምጉላሕን ህዝባዊ ዲስኩር ክህሉ ብምግባርን ንቕሓትን ተሓታትነትን ንኸዓቢ ኣበርክቶ ይገብር። ምሁራት ነቲ ዳታ ተጠቒሞም ዝማዕበሉ ስታቲስቲካዊ መሳርሒታት ተጠቒሞም ሓድሽ ፍልጠት ንምፍራይ የኽእሎም። ብተወሳኺ ለገስቲ ሽሪኻት ልምዓት ሃገራዊ ፕሮግራማቶም ሕቶታትንን ድልየትን ደቂ ኣንስትዮ ብዝሓሸ ንምምላስ ብዘክእል ክድህስሱ ክግብሮም ይክእል እዩ።

ብሓፈሻ ሚኒስቴር ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን፣ ሕብረት ኤውሮጳ፣ ኦክስፋምን ጥምረት ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያን ኣብዚ ዝያዳ ፍትሓዊ መፃኢ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብ ምቕራፅ ቁልፊ መሳርሒ ኮይኑ ከገልግል ኣብ ዝኽእል ከምዚ ዓይነት ልምምድ ዝገበሩዎ ናይ ገንዘብን ጊዜን ደገፍ ደቂ ኣንስትዮ የጋጥምወን ንዘሎው ብዙሓት ብድሆታት ንምርዳእን ንምርዳእ ዘሎዎም ተወፋይነት ዘረጋገፀ እዩ።

## 1.1.2 ዕላማታት መፅናዕቲ

ሓፈሻዊ ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ ብዛዕባ ህሉው ኩነታትን ቀዳምነታትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዝምልከት ንዕኦን መሰረታዊ ኣብ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መለክዕታት- ቁጠባዊ፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን፣ ዓመፅ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ፖለቲካውን ሲቪካውን፣ ሰላምንን ድሕንነትን፣ ተበፃሕነት ፍትሒ ብምድሃብ ኩለመዳየዊ መረዳእታ ምእካብን ምቕራብን እዩ። በዚ መሰረት ቁፅራዊ መረዳእታ ንምእካብ ኣብ 12 ክልላትን 2 ምምሕዳራት ከተማን ዝርከቡ 119 ዞባታት/ከተማታት/ንኡሳን ከተማታት ካብ ዝርከቡ ስድራቤታት ተኣኪቡ እዩ። ዓይነታዊ መረዳእታ ድማ 20 ኣባላት ዘለወን 22 ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ዘሳተፈ ሜላ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ብምጥቃም ካብ 8 ክልላት ተኣኪቡ እዩ።

እዚ ፀብፃብ ነዞም ዓይነታውን ቁፅራውን በኽራታት ሓበሬታ (ዳታሴታት) ብምውህሃድ ንፀቡቕ ሂወት ደቂ ኣንስትዮ ኣገደስቲ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መዳያት ዝምልከቱ ተበግሶታት ፖሊሲን መደባትን ብሓበሬታ ብምድጋፍ ኣብ ፃዕርታት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ኣበርክቶ ንምግባር ዝዓለመ እዩ።

## 1.1.3 ኣወዳድባ ፀብፃብ መፅናዕቲ

እዚ ፀብፃብ መፅናዕቲ ኣብ ዲሞግራፊ፣ቁጠባዊ መርኣይታት፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ፅንዓት ትኹረት ብምግባር ብዛዕባ ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዝምልከት ሓፈሻዊ ዳህሳስ ዝህብ እዩ። ብዛዕባ ዝርገሐ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሕንነት ደቂ ኣንስትዮን ተበፃሕነት ፍትሕን እውን ይዛረብ። እቲ ፀብፃብ ኣታዊታት፣ ትፅቢታት ፀጥታዊ ኩነታትን ፖለቲካዊ ተሳትፎን ዘጠቓለለ ባህግታትን ዓቕሚ ምፍፃምን (ኤጀንሲ) ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት እውን ይድህስስ። እቲ ፀብፃብ ካብ መፅናዐቲ ዝረኸቦም መደምደምታታትን ንፖሊሲን ፕሮግራማዊ ምትእትታዋት ዝምልከት ለበዋታትን ዝሓዘ እዩ።

# 1.2 ሓፈሻዊ ገለፃ ኣገባብ ምርምር


## 1.2.1 ኣገባብ መፅናዕቲ ዳህሰሳ

እዚ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማን ገጠርን ኢትዮጵያ ንዝርከቡ ዕድሚኦን 15 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦን ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎም ስድራቤታት ዝሸፍን ገፊሕ መሰረት ዘሎዎ ቅምሶ መሰረት ተገይሩ ዝተሰርሐ እዩ። ፀጥታዊ ውሕስና ዘይብሎም ከባቢታት ግን ኣይሓወሰን። እቲ መፅናዕቲ ኣብ 2018/19 ዓ/ም/ፈ. ብማእኸላይ ኤጀንሲ ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ ዝተዳለወ ወሰነ-ቅምሶ (sampling frame) ብምጥቃም ካብ 1,211 ናይ ቆፀራ ቦታታት 36,330 ስድራቤታት ወከለቲ ቅምሶታት ብምውሳድ ዝተኻየደ እዩ። እቲ ወሰነ-ቅምሶ 147,602 ናይ ቆፀራ ቦታታት ምስ ዝርዝር ኣቀማምጣን ግምታዊ ቁፅሪ ስድራቤታትን ዝዘርዝረ እንትኸውን ሰለስተ ደረጃታት ዘለዎ ቀፀለታት ክላስተር ቅምሶ (stratified cluster sample) ብምጥቃም ዝተመረፁ እዮም።

ፅሑፋዊ መሕትት እዚ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲ ዝተፈላለዩ መዳያት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ንምድህሳስ ከኽእክል ምእንታን ብልዑል ጥንቃቐ ዝተዳለወ  እንትኸውን ፅፉፍ መረዳእታ ምእንታን ክእከብ ዲጂታላዊ መእከቢ መረዳእታ (kobotoolbox) ብምጥቃም ዲጂታላይዝ ተገይሩ እዩ። ቁጠባዊ መርኣይታት፣ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ መዳያት፣ ተበፃሕነት ፍትሒ፣ ቀዳምነታት ደቂ ኣንስትዮ፣ ፖለቲካዊ ተሳትፎ፣ ከምኡ'ውን ሰላምን ድሕነትን ዝሓቖፈ ሸውዓተ ቴማዊ መዳያት ዘጠቓለለ ኮይኑ ኣብዞም ኣርእስታት እዚኣቶም ዘሎ ርድኢት ንምእካብ ምስ ዕድሚኦን 15 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦን  መልሲ ወሃብቲ ሰባት ገፅ ንገፅ ቃለ መሕትት ተኻይዱ እዩ። ምልመላ ሰራሕተኛታት ወፈሪ መፅናዕቲ (field staff) 160 ኣከብቲ መረዳእታ፣ 30 ተቖፃፀርቲን 5 ሙኩራት ሰብ ሞያ ኣተሓባበርትን ዘጠቓለለ ኮይኑ እቲ መሕትት ድማ  ቅድመ-ፈተና ብምክያድ ኣድማዕነቲን ተኣማንነቱን ተረጋጊፁ እዩ።

ንሰራሕተኛታት ወፍሪ መፅናዕቲ ስልጠና ድሕሪ ምሃብ ወፍሪ ምእካብ መረዳእታ ካብ 3 ጥቅምቲ ክሳብ 1 ታሕሳስ 2023 ዓ/ም/ፈ ዝተኻየደ ኮይኑ 1233 ነቑጣታት መእከቢ መረዳእታ (enumeration areas)፣ 36,990 ስድራቤታት ከተማን ገጠርን ክልላት ዝሸፈነ እዩ። ክትትል ከይዲ ምእካብ መረዳእታ ብማይክሮ-ሶፍት ዳሽቦርድ ዝተደገፈ ነይሩ። እቲ መሕትት ግዱብ መልሲ ዘሎዎም ሕቶተታት






( structured questionnaires ) ዝሓዘን  ገፅ ንገፅ ቃለ መሕትት ዘጠቓለለ እዩ። ስዒቡ ድማ ግቡእ ምፅፋፍ መረዳእታ ብምግባር ዝፀፈፈ መረዳእታ ኤስፒኤሰኤስ /SPSS/, ሰታታ /STATA/ ን ኤክሴል /Excelን ዝተተንተነ እንትኾን በዚ መሰረት ስታቲስቲካውን ፅሟቕን ሰሌዳታት፣ ግራፍን ሰንጠረዥን ተዳልዮም እዮም።  ፀብፃብ ኣሳታፊ ተግባራዊ መፅናዕቲ (PAR report) ንምስራሕ ካብ ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኸበ ሓበሬታ ትሕዝታውን ቴማዊን ትንተና ብምሃብ ናብ ፅሑፍ ተቐየሩ፣ ኮድ ተዋሂበዎን ፅሟቕ ተፃሒፉሉን እዩ።

## 1.2.2 ዓይነታዊ ኣገባብ ምርምር


እቲ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኣገባብ ምርምር ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (Participatory Action Research, PAR) ኣብ ምእካብን ምትንታንን መረዳእታ ኩለመዳያውን ሓበራውን ኣቀራርባ ዝተከተለ እዩ።  እቲ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር  ካብ 20 መስከረም 2023 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2023 ዓ.ም.ፈ ዝተኻየደ እንትኸውን  መሪሕ ተቖፃፀርቲ ምርምር፣ ሓለፍቲ ፕሮጀክትን ወከልቲ ማሕበራት ድቂ ኣንስትዮ፤ ትካላት መሰላት ደቂ ኣንስትዮን (WROs) ዝሓቖፈ ክልላዊ ማእኸላት ብምጥያሽ ኣብ ሸሞንተ ክልላት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ክልል ዝርከቡ ፍሉያት ዞባታት፣ ወረዳታትን ቀበሌታትን ዝሓቖፉ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር ዝተኻየደሎም ክልላት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ፡- ሰለስተ ክፍለ ከተማታትን ወረዳታትን
- ክልል ኣምሓራ ክልል - ከተማ ባህርዳር፤
- ክልል ኦሮሚያ - መቱ፡- ዞባ ኢሉ ኣባ ቦራ፣ ወረዳታትን ቀበሌታትን መቱ
- ክልል ቤንሻንጉል - ኣሶሳ፡ወረዳታትን ቀበሌታትን መቱ
- ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ - ጋሞ፣ ወረዳታት/ቀበሌታት  ዙርያ ኣርባ ምንጬ
- ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፡- ወረዳታት መቐለ፣ ሓውዜን፣ ሃገረሰላም
- ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር፣ ዞባ I፣ ሰማራ፣ ሎግያ፣ ዱብቲ
- ክልላዊ መንግስቲ ሶማል፣  ዞባ ፋፋንን ወረዳታት ባቢሊን ኣውባረን ቱለ ጉለድን

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል ብዘይካ ኣምሓራ ሰለስተ ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ብድምር 22 ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ  ሸሞንተ ክልላት ተመስሪተን እየን። ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ 20 ደቂ ኣንስትዮ

### ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር ዝተኻየደሎም ክልላት



ኣባላት ዝሓቖፈት ኮይና ብድምር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል 60 ኣባላት ተሳቲፈን። ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል ሰለስተ ጉጅለታትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ 60 ኣባላትን ብምህላወን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልል 180 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምይይጣት ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳተፋ ኮይነን ብድምር 440 ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ኣብ ሸሞንተ ክልላት ተሳቲፈን እየን። ብተወሳኺ ንፈፀምቲ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ንሓሙሽተ መዓልታት ዝፀንሕ ዓውደ-መፅናዕቲ ብዛዕባ መምርሕታትን መሳርሕታትን ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምርን ከም ፈፀምቲ ዝህልዎም ግደን ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ እዩ። ኣገባብ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር ዝተፈላለዩ ሜላታት ምእካብ መረዳእታ ተጠቒሙ፣ ንኣብነት ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ (WGDs ) ቁልፊ ሓበሬታ ዝህቡ ቃለ መሕትት፣ መዓልታዊ ልምድታት (daily routines)፣ ብእግሪ እናተጉዕዝካ-ትዕዝብታዊ ዘተ (Transect Walk) ናይ ግዜ መስመራትን/timelines ይርከብዎም።

## 1.2.3 ምውህሃድ ሕውስዋሰ ኣገባባት ምርምር

እዚ ሕዚ ዘሎ ፀብፃብ ንምፍራይ ድማ ዝተሓዋወሰ ኣገባባት ምርምር ኣብ ተግባር ውዒሉ እዩ። ዝተሓዋወሰ ኣገባብ ዝምረፅ ኣብ ክልቲኦም ዓይነታውን ቁፅራውን ኣገባባት ምርምር ዘሎዉ ብልጫታት ብምውሳድ ንድሩትነት ክልቲኦም ኣገባባት ናይ ምንካይ ብልጫ ስለ ዘሎዎ እዩ። እዚ ኣገባብ ብውህደት ዓይነታውን ቁፅራውን መረዳእታታት ኣቢሉ ከም ደቂ ኣንስትዮ ንዝኣመሰሉ ዝተገለሉ ክፋላት ህዝቢ ዘድልዮም ለውጢ ዝያዳ ሙሉእ ርድኢት ንምምዕባል ክሕግዝ ይኽእል ።

## 1.2.4 ብድሆታትን ድሩትነትን ናይቲ መፅናዕቲ

እዚ ከይዲ መፅናዕቲ ህልው ኩነታትን ድልየታትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ስትራተጂካዊ ውጥንን ምትዕፅፃፍ ስጉምትታትን ዘድልዮም ብዙሓት ረዘንቲ ብድሆታት ኣጋጢሞሞ እዮም። እቲ መፅናዕቲ ኣብ ገለ ክልላት ግርጭትን ውግእን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ዝተኻየደ ብምዃኑ መረዳእታ ንምእካብ ዝተሓላለኸ ሃዋህው ተፈጢሩ ነይሩ። ዝተረሓሓቐ ባህሪ ናይቶም መረዳእታ ዝእከበሎም ነቑጣታት ሎጂስቲካዊ ብድሆታት ኣስዒቡ። ብተወሳኺ ኣብ ከም በዓል ሶማል ዝኣመሰላ ክልላት ዝነበረ ወቕቲ ዝናብ ንፀገማት ምንቅስቓስ ብምግዳዱ ሰራሕተኛታት ምርምር ናብ ዝተወሰኑ ቦታታት ንምብፃሕ ኣፀጋሚ ነይሩ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝነበረ ውሱን ተበፃሕነት ኢንተርኔት ኣከብቲ መረዳእታ ዝኣከብዎ መረዳእታ ናብ ሰርቨር ንምፅዓን ናብ ዓበይቲ ከተማታት ተመሊሶም ክጓዓዙ ስለዝጠለበ ኣብ መስርሕ ምእካብ መረዳእታ ምድንጓያት ተፈጢሮም። ኣብቲ ንምብፃሕ ኣፀጋሚ ዝኾነ ከባቢታት እኹላት ደቂ ኣንስትዮ ኣከብቲ መረዳእታ ምቑፃር ተወሳኺ ብድሆ ኮይኑ ተረኺቡ። ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ምእካብ ዓይነታዊ መረዳእታ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝነበረ ኣዋጅ ህውፅ እዋን ኣብ ምንቅስቓስን ማሕበራዊ ምትእኽኻባትን ድሩትነት ንኽህሉ ኣበርክቶ ገይሩ። እቲ ኣገባብ ኣሳታፊ ተግበራዊ ምርምር ኣብ ባህርዳር ዝተኻየደ ኮይኑ 20 ደቂ ኣንስትዮ ተመያየጥቲ ዘሳተፈ እዩ።

እቲ መፅናዕቲ ቅድሚ ሕዚ ምስ ኣገልግሎት ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ (ESS) ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣከብቲ መረዳእታ ተወፋይነትን ተመኩሮን ብምጥቃምን ገለ ዝተወሰኑ ብምግዳፍን ነዞም ብድሆታት ምቅላል ክኢሉ እዩ። ንጡፋት ግጭታት ዝነበረሎም ዞባታት ንምውጋድ ዝተገብረ ናይ ሴኩሪቲ ውሳነ መረዳእታ ኣብ ምእካብ ውሱንነት እንተፈጠረ'ኳ በቲ ብኻሊእ መንገዲ ጠቒምዎ እዩ፤ ኣብ ልዕሊ ኣከብቲ መረዳእታ ክበፅሕ ዝኽእል ዝነበረ ጉድኣት ተኸላኺሉ፣ ትክክለኛነት ከይዲ ምእካብ መረዳእታ ኣረጋጊፁ፣ ከምኡውን እቲ መፅናዕቲ ወኪል ብዘይኮነ ናይ ፍሉይ ዓመት ተርእዮ ክዕብለሉ ዝኽእል ተኽእሎ ቀኒሱ። ኣብ ክንድኡ ንኩነታት ብትክክል ዝገልፁ መረዳእታታት ክእከቡ ሓጊዙ። እዚ ኣገባብ እዚ ንዞባታት ግጭት ጠቕሊልካ ሸለል ምባል ዘመልክት ኣይነበረን፤ እኳ ዳኣስ ቁልፊ መዳያት እቶም ከባብታት ብመንገዲ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ኣቢሉ ብምምጥቕላል ነቲ መፅናዕቲ ጭብጢ ብምግባር ኣሃፍቲምዎ እዩ።

እዘን ዝስዕባ ዞባታት ካብቲ ዳህሳስ ዝተገለላ እየን፦ ክልተ ዞባታት ኣብ ኣምሓራ (ደቡብ ጎንደርን ምብራቕ ጎጃም)፣ ክልተ ዞባታት ትግራይ (ምዕራብ ትግራይን ደቡብ ትግራይን)፣ ኣርባዕተ ዞባታት ኦሮምያ (ሆሮ ጉድሩ ወለጋ፣ ቀለም ወለጋ፣ ምዕራብ ወለጋ፣ ከምኡ'ውን ምብራቕ ወለጋ)። ብተመሳሳሊ ካብ ምርሕሓቕ ነቑጣታት መእከቢ መረዳእታ ዝብገሱ ፀገማት

ንምፍታሕን ዘድሊ ሎጂስቲክስ ንምምሕያሽን ገለ ንምብፃሕ ኣፀጋሚ ዝኾኑ መረዳእታ ዝእከበሎም ነቑጣታት (EAs) ተተኪኦም እዮም። ዘይተገመቱ ዕንቅፋታትን ስግኣታትን ንምቕናስን ኣቐዲምካ ንምክልኻልን ጠንካራ ናይ ቅድመ ምክልኻልን ምቕናስን ትልሚ ተዳልዩ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ግጭትን ዘይምቹእ ኩነታት ኣየርን ዘጋጥሙ ብድሆታት እንትንግንዘብ ነቲ ባህርያዊ ድሩትነት ናይቲ መፅናዕቲ ኣፍልጦ ምሃብ ግድን ይኸውን። እዞም ድሩትነታት እዚኦም ብፍላይ ከም ስነ-ኣእምሮኣዊ መርኣይታት ኣብ ዝኣመሰሉ ዓውድታት ብሰንኪ ፅልዋ ሰፊኑ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ወገናውነት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ኣብ ገለ መረዳእታታት ምግናን ዳታ ከኸትል ይኽእል። ዋላ እኳ ሰብ ሞያ ኣከብቲ መረዳእታ ተጠቒምካ ነዞም ሳዕቤናት ንምቅላል ፃዕርታት እንተተገብረ ማሕበራዊ ተደላይነት ዘስዕቦ ወገናውነት (መልሲ ዝሃቡ ሰባት ንኻልኦት ፅቡቕ ንኽመስሉ ሓቀኛ ርእይቶኦም ይሓብኡ) ግደ ክፃወት ይኽእል እዩ። እዚ ብፍላይ ኣብ ናይ ሊከርት ዓይነት ሕቶታት7 ብዝበለፀ ክንፀባረቕ ይኽእል። ስለዚ ኣብ ልዕሊ መልሲ ወሃብቲ ፅልዋ ኣሕዲሮም ክኾኑ ዝኽእሉ ወድዓዊ ብድሆታት ኣብ ግምት ብምእታው ንውፅኢታት መፅናዕቲ ብጥንቃቐ ምትርጓም ወሳኒ እዩ። ከምኡ እውን እቲ ፀብፃብ ብብዝሒ ኣብ ፀብፃብ ሚእታዊ ነጥቢ እዩ ዝምርኮስ። እዚ ንፀብፃብ ዳህሳሳዊ ምርምራት ስሩዕን ቅቡል ኣሰራርሓ እኳ እንተኾነ ግዱሳት ውልቀሰባት ዝለዓለ ደረጃ ስታቲስቲካዊ ኣገባባት ተጠቒሞም ዝዓሞቐ ትንተና ከካይዱ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ዓይነታዊ መዳይ ናይቲ መፅናዕቲ'ውን ንገለ መዳያት ናይቲ "ስለምንታይ" ዝብል ክፋል ናይቲ ቁፅራዊ ዳታ ክምልስ ፈቲኑ እዩ። ባህርያዊ ድሩትነትን ጉዳያት ወኪልነትን ዓይነታዊ መፅናዕቲ ግን ሐዚ እውን ከም ዘሎዉዎ እዮም።


## 1.2.5 የትንተና ማዕቀፍ

ማዕቀፍ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ (WEF ) ዝተፈላለዩ ሸነኻት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ንምፍታሽን ንምድንፋዕን ዝተዳለወ ኩለመዳያዊ ፅንሰ-ሓሳባዊ ማዕቀፍ እዩ። ፈለማ ብከም በዓል ካቢእር / Kabeer (1999) , ሮውላንድሰ /Rowlands (2016)ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ምሁራት ስርዓተ-ፆታን ልምዓትን ዝተዳለወ እዚ ማዕቀፍ ኣብ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ኣበርክቶ ዝገብሩ ረቛሓታትን ንዕኡ ዝዕንቅፉ ማሕለኻታትንን ንምርዳእ ዘኽእል ኩለመዳይ ኣገባብ (multi-faceted approach) እዩ።

ማዕቀፍ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ (WEF) ብዙሓት ወሰንቲ ባእታታት ዝሓዘ እዩ። ኣብ ተበፃሕነትን ምቁፅፃርን ፋይናንሳዊ ፀጋታት፣ ኣብ ዕዳጋ ስራሕ (labor market) ዝህልወን ተሳትፎን ዓቕሚ ቁጠባዊ ውሳነ ኣብ ምዉሃብን ዘተኮረ ቁጠባዊ ምብቃዕ (Economic Empowerment) ማእኸል እቲ ማዕቀፍ እዩ። ትምህርታዊ ምብቃዕ (Educational Empowerment) ካልእ ኣገዳሲ ባእታ ኮይኑ ተበፃሕነት ትምህርቲ፣ መጠን ምዝዛም ደረጃ ትምህርቲ፣ ደረጃ ክእለት ምፅሓፍ፣ ምንባብን ምርዳእን ከምኡ'ውን ዕድላት ዕድመ-ምሉእ ትምህርትን (life-learning) ምምዕባል ክእለትን ዘጠቓልል እዩ። ጥዕናዊ ምብቃዕ (Heatlh Empopwerment) ድማ ተበፃሕነት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፣ መሰላት ጥዕና ስነ-ተዋልዶ፣ ደገፍ ድሕነት ኣእምሮን ሓፈሻዊ ፅቡቕ ኩነታት ናብራን ዝምልከት እዩ።

ስነ-ኣእምሮኣዊ ምብቃዕ (Psychological Empopwerment) እውን ዘይነፃፀል ኣካል እቲ ማዕቀፍ ኮይኑ ምስ ርእሰ-ክብሪ፣ ርእሰ-ምትእምማን፣ ውልቃዊ ርእሰ-ምሕደራን ካብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ግህሰት ወይ ምግዳድ ነፃ ምኳንን ዝተኣሳሰር እዩ። ፖለቲካውን ሲቪካውን ምብቃዕ (Political and civic empowerment) ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ መስርሓት ዘለወን ተሳትፎ፣ ኣብ ወሃብቲ ውሳነ ኣካላት ዝህልወን ውክልናን ኣብ ሲቪካዊ ንጥፈታት ዝህልወን ተሳትፎ ትዝምልከት እዩ። ማሕበራውን ባህላውን ምብቃዕ (Social and cultural empowerment) ፅልዋ ፆታዊ ስርዓታት፣ ባህላዊ ኣሰራርሓታት፣ ደገፍ ስድራቤትን ተበፃሕነት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝፍትሽ እዩ። ሕጋውን ዳይነታውን ምብቃዕ (Legal and judicial empowerment) ካዓ ተበፃሕነት ፍትሒ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምብራኽ ንቕሓተ- ሕጊ፣ ካብ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ምክልኻልን ምትግባር ሕጋዊ መሰላትን ዝምልከት እዩ። ኣብ መወዳእታ ሰላምን ድሕንነትን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ካብ ግጭትን ዓመፅን ምክልኻል፣ ተሳትፎ ኣብ መስርሕ ህንፀት ሰላም፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣደባባይን ውልቃውን ዓውድታት ዘለወን ሓፈሻዊ ድሕነት ዘጠቓልል እዩ።

ፅንሰ-ሓሳባዊ ማዕቀፍ /ቅጥዒ- ህልው ኩነታትን ቀዳምነት ድልየታትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ




ምንጪ ስእሊ ፀሓፍቲ፣ ካብ N. kebeer (1999) ዝተወሰደ፣

ብተወሳኺ ባእታታት እቲ ማዕቀፍ ዝኾኑ ሕጋውን ዳይነታውን ምብቃዕ ከምኡ'ውን ጥዕናዊ ምብቃዕ ምስ ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን ዓመፅ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ዝተተሓሓዙ እዮም። እዚ ድማ ንኣድማዕነት ህሉው ሕጋዊ ከለላታትን ስርዓታት ደገፍን ንምግምጋም ዝሕግዝ ማዕቀፍ ይህብ። ኣብ ማዕቀፍ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ (WEF) ዝተመርኮሱ ርኽበታት ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ዘሎዉ ዝተለለዩ ክፍተታት ንምምላእን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ንምድንፋዕን ንዝጠቕሙ ናይ ፖሊሲ ለበዋታትን ምምዕባል መደባትን መረዳእታ ክህቡ ይኽእሉ።

# 2 ቁልፊ ርኽበታት

## 2.1 ቴማታት ሂወት ደቂ ኣንስትዮ

እዚ ፅማቕ ሪፖርት ፅንዓት ምስ ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ዝተኣሳሰሩ ሰፋሕቲ ኣርእስታት/ጉዳያት ዝሸፍን ኮይኑ ካብ ቁጠባዊ መረዳእታ ክሳብ ጥዕናን ድሕነት ህይወትን ደቂ ኣንስትዮ ዝሓውስ እዩ። ንምፅሓፍን ምንባብን፣ ንዲጂታላዊ ምልከት፣ ንዕላማታትን ዕንቅፋታትን ትምህርቲን ፍሉይ ኣቓልቦ ብምሃብ ብዛዕባ ትምህርትን ዕድላት ትምህርትን ዝምልከቱ ኣገደስቲ መረዳእታታት እውን ተኻቲቶም ኣለዉ።

### 2.1.1 ቁጠባዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ

- ኣብ ቁጠባዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ገለ ምዕባለታት እኳ እንተተራእየ ኣብ መንገን ፆታታት ግን ርኡይ ክፍተት ይቕፅል ኣሎ፣ መብዛሕተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ርእሰ-ቁፃር ስራሕ ወይ ዘይክፈሎ ስድራቤታዊ ስራሕ ይዋፈራ። ቅድሚ እቲ ዳህሳስ ኣብ ዝነበሩ 7 መዓልታት ብዛዕባ ዝነበሮም ተሳትፎ ስራሕ ተሓቲተን፣ 27.3% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣፍራዪ ቁጠባዊ ስራሕ፣ 41.3% ኣብ ስራሕ ውሽጢ ቤት፣ 17.8% ድማ ኣብ ክልቲኡ ኣፍራይን ዘቤታዊን ንጥፈታት ከምዝተዋፈራ ገሊፀን። እዚ ማለት ኣስታት 45.1% ኣብ ኣፍራዪ ስራሕ ይሰርሓ ማለት እዩ። እዚ ርኽበት ኣፍራዪ ስራሕ ምስቲ ኣብ ስራሕ ተቖፂረን ካብ ዝነበራ ደቂ ኣነስትዮ እተን 42.4% ቅድሚ እቲ መፅናዕቲ ኣብ ዝነበሩ 7 መዓልታት ኣብ ስራሕ ከም ዝነበራ ዘረጋገፀ ዳህሳስ ሓይሊ-ሰብ ዕዮን ስደትን (labor force and migration) LMS (ESS, 2021) ዝቀራረብ እዩ።
- እቲ መረዳእታ ከም ዘመልክቶ ምግቢ ምብሳልን ምድላውን በተን ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ፣ ክልላትን ኩነታት መረሕነት ስድራን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝዝውተሩ ናይ ገዛ ንጥፈታት ከም ዝኾኑ፣ እተን 82.5% ካብተን ዝተሓተታ ደቂ ኣንስትዮ ኣብዞም ዝተጠቐሱ ንጥፈታት ገዛ ከም ዝሰርሓ ገሊፀን። እዚ ካዓ ካብቶም ቀፂሎም ዝለዓሉ ዘሎው ከም ምሕፃብ መብሰሊ ኣቑሑትን ምፅራይ ገዛን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት (4.1%) እንትነፃፀር ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ።
- 59.6% ደቂ ኣንስትዮ መንበሪ ኣባይቲ ከም ዝውንና ገሊፀን። ካብዚኣን  ሓባራዊ ዋንነት ኣሎና ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ 75.0% (ካብተን ዋንነት ዝገለፃ ደቂ ኣንስትዮ) እየን። ስዒቡ ድማ በይናዊ ዋንነት ኣለና ዝበላ 19.8% እየን። ንበይነይን ብሓባርን ዝበላ 5.3% እየን።
- 40.4% ደቂ ኣንስትዮ ሕርሻዊ መሬት ከም ዝውንና ዝገለፃ  ኮይኑ ካብዚኣን እተን 74.8% ሓበራዊ ዋንነት፣ 21,7% በይነን፣ 3.6% ድማ ናይ ሓባርን በይነንን ዋንነት ዘሎወን እየን። ዳርጋ 15.0% ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ንመሬት ሕርሻ ዝምልከት ዝኾነ ሰነድ ዘይብለን እንትኾና 61.1% ድማ ምስክር ወረቐት መሬት ኣለወን።
- መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ከም ዝተመሓየሸ ዘርኢ (57.7%)፣ ኬሚካላዊ ድኹዒ (65.5%)፣ ፀረ-ባልዕ/ፀረ-ፃህያይ (60.9%)፣ ማሕረስ ብዕራይ (51.7%) ዝበሉ እታዎታት ሕርሻ ከምዝጥቀማን (51.5%) ድማ ብዛዕባ ኣገባባት ዕቃበ ሓመድን ማይን ፍልጦ ከም ዘሎወን ገሊፀን። ብኻልእ ወገን ድማ መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ ኣገልግሎት መስኖ (73.6%)ን ፕሮግራም ኤክስቴንሽንን (62.3%) ዘይረኽባ እየን።
- ገለ ደቂ ኣንስትዮ ንብረትን ፋይናንስን ብዝምልከት ኣብ ዝግበር ሓባራዊ ውሳነታት ዝሳተፋ እኳ እንተኾና ሐዚ እውን ግን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ኣብተን ብደቂ ተባዕትዮ ዝምራሕ ስድራቤታት ቁልፊ ቁጠባዊ ፀጋታትን ውሳነታትን ኣብ ዝምልከቱ



ጥቅምቲ 2017
ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

**ቁጠባዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ**

| 27.3% | 41.3% | 17.8% |
|---|---|---|
| ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣፍራዪ ቁጠባዊ ስራሕ | ኣብ ስራሕ ውሽጢ ቤት | ኣብ ክልቲኡ ኣፍራይን ዘቤታዊን ንጥፈታት |

ውሳንነት የብለንን። መብዛሕትኣን ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ ውሳነታት ምውጋድ ንብረት ዝምልከት ምስ ሰብኡተን ብሓባር ይውስና። እቲ ፐርሰንት ካብ 83.5% ኣብ ልቓሕ (ንገዛ ወይ መሬት ከም ዋሕስ ምጥቃም) ክሳብ 92.2% ኣብ ምቁፅፃር እቶት ካብ መሸጣ ፍርያት ዝተዘርግሐ እዩ።

- ዳርጋ 12.7% ካብ ዝተመርዓዋ ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ ነቲ መሬት ከም ዋሕስ ብምጥቃም ዝውስድ ልቓሕ ዝምልከቱ ውሳነታት ዘይሳተፋ እንትኾና 9.7% ግን ኣብ ምምሕልላፍን (ብውህብቶ፣ ብውርሻ/ ብውርሲ ፣ ወዘተ) ምክራይን መሬት ስድራ ቤት ዝምልከት ኣይሳተፋን።
- ከምኡ'ውን ቁፅረን ዘይነዓቕ ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ 33.1% ባዕለን ካብ ዝረኸብኦ እቶት፣ 31.6% ብመፃምድተን ካብ ዝርከብ ኣታዊ፣ 32.3% ካብ ዓበይቲ ዕድጊታት ስድራ፣ 29.4% ኣብ ምሻጥ ፍርያት፣ 24.0% ዝረኽበኦ ልቓሕ ብኸመይ ከም እተውዕሎን ካልእን ካብ ዝምልከቱ ውሳነታት ይግለላ።
- ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝመርሑ ስድራቤታት ዳርጋ 42.8% ደቂ ኣንስትዮ ዋንነት ሕርሻዊ መሬት ከምዘለወን ሓቢረን፤ እንተኾነ ግን ዳርጋ 4.1-12.7% ካብ ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ መሬት ሕርሻ ካብ ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ዓይነት ውሳነታት ካብ ምሃብ ተገሊለን እየን። ብተወሳኺ ኣስታት 33.1% ካብ ሰብ ሓዳር ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝተፈላለዩ መርከቢ እቶት ንጥፈታት ዝረኽብኦ እቶት ካብ ዝምልከቱ ውሳነታት ዝተገለላ እየን። ካብዚ ብተወሳኺ ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝመርሑ ስድራቤታት ዳርጋ 2.8% ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስሩዕ ፍልፍላት ልቓሕ ከምዝተጠቐማ ዝሓበራ እንትኾና 24.0% ደቂ ኣንስትዮ ግን ነቲ ብልቓሕ ዝረኸብኦ ገንዘብ ብኸመይን ኣበይን ከም ዝውዕል ካብ ዝምልከት ውሳነ ከም ዝግለላ ሓቢረን። ካብዚ ብምብጋስ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምውናን ንብረት፣ ተበፃሕነት ፋይናንስን ተሳትፎ ኣብ ኣፍረይቲ ንጥፈታትን ምርካብ እቶትን ንበይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ እቶም ንብረታት፣ ፋይናንስን እቶትን ቁፅፅርን ውሳነን ንክህልወን መረጋገፂ ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ፅልዋ ኣለዎ።
- መብዛሕትኣን (57.3%) ደቂ ኣንስትዮ ናይ ባንክ ሒሳብ ዘይብለን እንትኾና ካብተን ናይ ባንክ ሒሳብ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ድማ 38.4% ጥራይ በይነን ብተናፀል ኣካውንተን ዝውንና፣ 4.3% ድማ ብሓባር ኣካውንተን ዝውንና እየን።
- መረዳእታ አዚ መፅናዕቲ ኣባልነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ውዳበታት ድሩት ምዃኑ ይሕብር። ዝለዓለ ሚእታዊ ኣባልነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ (9.6%)፣ ስዒቡ ድማ ጉጅለታት ርእሰ-ሓገዝ  (4.3%)፣ማሕበራት መንእሰያት(2.4%)፣ ማሕበራት ሞያውያን (1.5%)፣ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኢንተርፕራይዛትን ማሕበራት ንግድን (ነፍሲ ወከፎም 1.4%) ይርከቡ። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ካልኦት ዓይነታት ትካላት ክነፃፀራ እንከለዋ ኣብ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ መጠን ተሳትፎ ዘለወን ይመስል። ይኹን እምበር ኣብ ኩሉ ምድባት ዘሎ ሓፈሻዊ ቁፅሪ ብመንፅር ውክልናን ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ እንትርአ እንተሎ ኣብ ኩሎም ትካላት ገና ምምሕያሽ ዝግበረሉ ቦታ ከምዘሎ ይሕብር።


- መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ምስ ዘይተለምደ ወሰኽ ዋጋ ኣቑሑት ምግቢ (60.3%) ፣ ዘይተለምደ ወሰኽ ዋጋ ወይ ስእነት እታዎታት (42.6%)፣ ከባብያዊ ናዕቢ/ ዓመፅ (20.9%)፣ ኩናት ( 20.8%)፣ ድርቂ (14.4%)ን ሕማም ሓደ ኣባል ገዛን (13.1%) ብዝተተሓሓዘ ምኽንያታት ምዝባዕን ቀውስን ናብራ ከም ዘጋጥመን ሓቢረን። ደረጃ ናይቶም ላዕለዎት ክልተ ምንጪታት ምዝባዕን ቀውስን ናብራ ከም ዘመላኽትዎ ኣብ መንጎ ብደቂ ተባዕትዮ ዝምራሓን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሓን ስድራቤታት ዘሎዋ ደቂ ኣንስትዮ ዝኾነ ርኡይ ፍልልይ ከምዘየለ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ካልእ መዳያት ፍልልያት ይርአ እዩ። ንኣብነት፦ ኩናት ካብ ከባብያዊ ናዕቢ/ዓመፅ፣ ሕማም ኣባላት ስድራቤት ድማ ካብ ድርቂ ኣብተን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሓ ስድራቤታት ዘሎዋ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ፅልዋ ከም ዘሎዎም የመላኽት።
- ውፅኢት ፅንዓት ከም ዘመልክቶ ኣብዚ ሕዚ እዋን 8.2% ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ከም ተጠቀምቲ መደብ ሴፍቲ ኔት (PSNP) ተመዝጊበን ኣለዋ። እዚ ኣሃዝ ምስቲ ሴፍቲ ኔት ኣብ ውሕስነት መግቢ ዘይብሎም ተጠቀምቲ ስድራቤታትን ወረዳታትን ትኹረት ብምግባር ንኣስታት 10% ህዝቢ ኢትዮጵያ ዕላማ ዝገበረሉ መደብ ዝሰማማዕ እዩ። ካብዚ ዝተጠቐሰ መደብ ማሕበራዊ ሓለዋ (PSNP) ብተወሳኺ 11.5% ደቂ ኣንስትዮ ቅድሚ እቲ መፅናዕቲ ኣብ ዝነበሩ 12 ኣዋርሕ ካብ ሰብኣዊ ሓገዝ ተጠቀምቲ ኮይነን ከምዝፀንሓ ተገሊፁ።
- ካብቲ ውፅኢት ዳሀሳሳዊ ምርምር ብተወሳኺ ካብ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ዝተረኽቡ ርኽበታት እውን ንቁጠባዊ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮ ርኡይ ዕንቅፋታት ዝኾኑ ብግልፂ ኣርእዮም እዮም። እዞም መሰናኽላት እዚኦም ብደረጃ ውልቀሰብ፣ ስድራ ቤትን ማሕብረሰንሰብን ዝረኣዩ ብድሆታት ዝሓውሱ ኮይኖም ከም ሕፅረት ራእይ ህይወት፣ ግጉይ ምሕደራ ግዜ፣ ከምኡ'ውን ዘይምዕሩይ ክፍፋል ውሽጣዊ ቤታዊ ሓላፍነት ዘጠቓልሉ እዮም። ንኣብነት፦ ካብ ሰለስተ ክፍላተ-ከተማ ኣዲስ ኣበባን ኣሶሳን (ቤኒሻንጉል-ጉሙዝ) ዝተኣከቡ መረዳእታታት ንዚ ኣረጋጊፆም እዮም። ብተወሳኺ ኣብ ወረዳታት ኣርባ ሚንጬ ዙርያ (ደቡብ ኢትዮጵያ) ካብ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብመንገዲ ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኸቡ መረዳእታት ከም ዘጉልሑዎ ደቂ ኣንስትዮ ንሓሳባት ንግዲ፣ ስልጠናን ፋይናንሳዊ ትምህርትን ተበፃሕነት ስለ ዘይብለን ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለአን ዕንቅፋት እናኾነን ይርከብ።
- ብተወሳኺ፣ ኣብ ግጬትን ድሕረ-ግጬትን ዕዳጋታትን መሰረታት ልምዓትን ስለ ዝሰናኸሉ ጠነቂ ቁጠባዊ ፅገማትን ዝለዓለ መጠን ሽቅለት ኣልቦነትን ኮይኖም እዮም። ኣብ ክልል ትግራይ ወረዳታት መቐለ፣ ሓውዜን፣ ሃገረሰላምን ዝተረኸበ ውፅኢት ከም ዘምልክቶ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ፣ ምብትታን ስድራ፣ ከምኡ ብሰንኪ ግጬት ምውሳኽ ቁፅሪ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሕ ስድራቤታት ንብድሆታት ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ኣጋዲዶም እዮም። በዚ ምኽንያት ደቂ ኣንስትዮ ደመወዝ ዘሎዎ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድለን ዝድርት፣ ዕድላት ኢንቨስትመንትን ዝድርት ብምኻኑ ማሕበራውን ቁጠባውን ዘይምዕሩይነት ቀፃሊ ክኸውን ምኽንያት ኮይኖም እዮም።

## 2.1.2 ህልው ኩነታት ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ

- መብዛሕትአን ደቂ ኣንስትዮ (81.5%) ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ከምዘሎ ዝፈልጣ እኳ እንተኾና ንዚ ኣገልግሎት ብጬቡጥ ክረኽባ ከምዝኽእላ ዝኣምና ግን (73.6%) እየን።
- ኣብ መሰረተ ልምዓት ክንክን ጥዕና ክፍተታት ኣሎዉ፤ ብፍላይ ኣብ ድሕሪ ኩናት ዝርከቡ ቦታታት፣ ገጠራትን ትሑት ኣገልግሎት ዝረኽቡ ከባቢታትን። እዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ክረኽብኦም ንዝግብኡ ፆታውን ስነ ተዋልዶውን ኣገልግሎታት ዝፀሉ እዩ። ውፅኢት ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ከም ዘመልክቶ፣ ኣብ ከም ኣዲስ ኣበባ ዝኣመሰለ ከተማታት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ብኣካል ተበፃሒ ክኸውን ከሎ፣ ሕፅረት ኣገደስቲ መድሃኒታትን ልዕሊ ዓቕሚ ዋገኦምን ኣታሓሳሰብቲ ጉዳያት ከም ዝኾኑ የመላኽት። ብኣንፃሩ ኣብ ትግራይ ብፍላይ ኣብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ሕፅረት መድሓኒትን ዘይእኹል መሳለጥያታትን ድሩት ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ኣሎ።
- ልዑል ወፃኢታት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና (30.2%)ን ሕፅረት መድሕን ጥዕናን (26.3%) ብፍላይ ኣብ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ርኡይ ዕንቅፋታት ኮይኖም ተረኺቦም ኣለዉ። ብተወሳኺ ሕፅረት መጓዓዝያ (15.1%)ን ነዊሕ ግዜ ምፅባይን (10.9%) ኣብ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ዓበይቲ ዕንቅፋታት እዮም። እዚ ካዓ ሎጂስቲካውን መሰረተ-ልምዓታውን ዕንቅፋታት ከም ዘሎው ኣዕዚዙ ዘርኢ እዩ።እቲ ፀገም ኣብ ገጠራት ዝያዳ ጎሊሑ ተራእዩ እዩ።
- 36.3% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ንኤችኣይቪ/ኤይድስ ሓዊሱ ፆታዊን ስነ-ተዋልዳውን ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ከምዝረኸባ ተገሊጹ።
- እቶም ዓይነታዊ ርኽበታት ደቂ ኣንስትዮ ፆታዊን ስነ-ተዋልዳውን ጥዕና ሓበሬታ ኣብ ምርካብ ዘጋጥሙወን ብድሆታት ዘጉልሑ እዮም። ባህላዊ መሐንኩሎታትን ኣተሓሳስባ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን ብዛዕባ እዞም ኣርእስታት ግልፂ ዝርርብን ርክብን ኣብ ምፍጣር ዕንቅፋት ይኾኑ እዮም፤ ብፍላይ ካዓ ፆታዊን ስነ-ተዋልዳውን ዝርርባት ነውሪ ተገይሮም ኣብ ዝውሰድሎም ገጠራት።
- መረዳእታታት እዚ መፅናዕቲ ኣብዚ ሕዚ እዋን 60.7% ደቂ ኣንስትዮ ካብቶም ኣገባባት ምጣነ-ሰድራ ገሊኡ ይጥቀማ ከምዘለዋ ይሕብሩ። እቲ ክልላዊ ትንታነ ኣብ ኣጠቓቕማ ምጣነ-ስድራቤት ርኡይ ፍልልይ ዘርኢ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢትዮጵያ (80.4%)ን ኣዲስ ኣበባን (73.5%) ልዑል መጠን ክረአ እንከሎ ክልል ሶማል ድማ ብ20.5% ብግልጺ ዝተሓተ መጠን ኣጠቓቕማ ተመዝጊቡ።
- እቲ መፅናዕቲ ኣብ ዕድመ ወሊድ (15-49) ኣብ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣጠቓቕማ ዓይነታት መናፅሂ ፓድ (sanitary pad) ኣፈላላይ ከም ዘሎ ዘማላኽት ኮይኑ 57.7% ንሓንሳብ ተጠቒምካ ዝድርበ ዝጥቀማ፣ 9.3% ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ብምድግጋም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዝጥቀማ፣ 29.2% ድማ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝተሰርሐ ከምዝጥቀማ ይሕብር። ዝተፈብረኸ መናፅሂ ፓድ ንዘይምጥቃም ቀንዲ ምኽንያታት ተበፃሕነት ዘይምህላው (42.9%)፣ ልዕሊ ዓቕሚ ዋጋን (17.1%) ንቕሓት ዘይምህላውን (27.2%) እዮም።

## 2.1.3 ተበፃሕነት ትምህርቲ ደቂ ኣንስትዮ

- ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ 55.1% ዘሎ መጠን ክእለት ምንባብን ምፅሓፍን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ገለ ካልኦት ሃገራት ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃ ክነፃፀር እንከሎ ብተዛማዲ ትሑት እዩ። ንኣብነት ከም ኬንያን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝኣመሰለ ሃገራት ዝለዓለ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ኮይነን መብዛሕትኡ ግዜ ልዕሊ 70% እዩ።
- ካብ 15-29 ዓመት ዕድመ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ዘለወን ኮይነን (76.3% ክኸውን ከሎ) እተን ኣብ 50 ዓመት ዝዕድሚአን ድማ ዝወሓደ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን (17.1%) እየን። ከምኡ'ውን ኣብ ከተማታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ምስተን ኣብ ገጠር ዝርከባ መዛኑአን ክነፃፀራ ዝያዳ ክእሎ ምንባብን ምፅሓፍን ኣለወን።
- ብመንፅር ክእለት ምጥቃም ዲጂታላዊ መሳልጥያታት (Digital Literacy) 15% ኮምፒተር ምጠቃም ይኽእላ፣ 21.8% ኢንተርኔት ምጥቃም ይኽእላ፣ 53.8% ድማ ሞባይል ከምዝውንና ገሊፀን።
- ደቂ ኣንስትዮ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ትምህርቲ ከይቕፅላ ዘለወን ብድሆታት ወይ ዕንቅፋታት ዝምልከት ትንታነ ከም ዘመልክቶ 45.3% ነቲ ዝድለ ደረጃ ትምህርቲ ንምቕፃል ብድሆታት ከም ዘጋጠመን ይሕብር። ካብቶም ገለ ዓበይቲ ገደብቲ ብድሆታት ንምጥቃስ ዝኣክል ሕፅረት ደገፍ ስድራቤት (30%)፣ ፋይናንሳዊ ፀገማት (27.2%)ን ዘይኽፈሎም ሓላፍነት ምሕብሓብ (15.6%) ይርከብዎም።
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንኣዋልድ ዘሎወን ኣረኣእያ (ኣመለካኽታ) ዝምልከት፤ 72.9% ማዕረ ዕድል ንኣወዳትን ኣዋልድን ዝደልያ እንትኾን፣ 10.9% ድማ ኣወዳት ዝሓሸ ዕድል ክረኽቡ ይደልያ። ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ዕድላት ክረኽባ ኣለወን ዝብላ 10% ጥራይ እየን።
- እቲ መፅናዕቲ ኣብ መንጎ ፀፍሕታት ሃፍቲ ዓቢ ፍልልይ መጠን ክእለት ምንባብን ምፅሓፍን ከምዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። እቶም ኣብ ልዑል ፀፍሒ ሃፍቲ ዘለዉ ዝለዓለ መጠን ክእለት ምፅሓፍን ምንባብን ከርእዩ እንከለዉ እቶም ኣብ ትሑት ፀፍሒ ሃፍቲ ዘለዉ ድማ ብዓቢኡ ድሕሪት ይርከቡ።
- ካብ ኣሶሳ (ቤንሻንጉል ጉሙዝ)ን ባህርዳርን (ኣምሓራ) ዝተረኸቡ ዓይነታዊ ርኽበታት ብተወሳኺ ከምዘመልክትዎ ዋላ እኳ ምዕባለታት እንተሃለወ ዕዉት ውፅኢት ትምህርቲ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ንምርካብ ብዙሓት ብድሆታት ከምዝገጥምወን ይሕብሩ። እዞም ረቛሒታት ባህላዊ ስርዓታትን ተግባራትን፣ ተሎምዳዊ ኣሉታዊ ስርዓተ-ፆታዊ መግለፅታት፣ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ከምኡ'ውን ኣብ ዕድመ ንእስነት ዝፍፀም ጥንሲ ዘጠቓልሉ ኮይኖም እዚኦም ኩሎም ኣዋልድ ትምህርቲ ንክረኽባን ንኽውድኣን ኣሉታዊ ፅልዋ ዘሎዎም እዮም። ተቓላዕቲ ክፍልታት ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ኣካል ጉድኣት ደቂ ኣንስትዮ ተወሳኺ መሰናኽላት የጋጥምወን። ምስ ዘይክፈሎም ስራሕቲ ምሕብሓባት ዝተተሓሐዙ ሓላፍነታትን ናይ ገዛ ስራሕትን ድማ ኣብ ከይዲ ዘተ ጉጅለታት ገሊሆም ዝወፁ ብድሆታት እዮም።
- ተሳተፍቲ ዘተ ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ሰመራ፣ ሎጊያን ዱብቲን (ዓፋር) ባህላዊ ስርዓታት እቲ ማሕበረሰብ ካብ ትምህርቲ ንኣዋልድ ንትሕቲ ዕድመ መርዓ ቀዳምነት ዝህብ ከም ዝኾነ እንትገልፃ ኣብ ባህርዳር (ኣምሓራ) ድማ እቶም ብድሆታት ምስ ነዊሕ ርሕቀት ኣብያተ ትምህርቲን ዕጥቃዊ ግጬት ዘስዐቦም ስክፍታታት ድሕነትን ዝተተሓሓዙ ምኳኖም ይገልፁ። ኣብ ትግራይ ኩናት ዝፈጠሮ ዕንወት ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ ተበፃሕነት ትምህርቲ ብዙሕ ፅልዋ ፈጢሩ እዩ።



## 2.2 ብድሆታትን ፅንዓትን

እዚ ክፋል ቀንዲ ቀንዲ ብድሆታትን ፅንዓትን ደቂ ኣንስትዮ ዝድህስስ ኮይኑ ብፍላይ ድማ ኣብ ፆታን ስርዓተ-ፆታን መሰረት ዝገበረ ዓመፅ (SGBV)፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ መርኣይታትን ተበፃሕነት ፍትሕን ዘተኮረ እዩ።

### 2.2.1 ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን መሰረት ዝገበረ ዓመፅ

- ቅድሚ እቲ ዳህሳስ ኣብ ዝነበሩ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ዝተፈፀመ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ዝምልከት 20.2% ከም ዝነበረ ዝተፀብፀበ እንትኸውን ክልላት ሲዳማ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራን ትግራይን ተደጋጋሚ ኩነት ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ዝተኸሰተለን ብምዃን ኣብ ቅድሚት ይርከባ።
- እቲ መፅናዕቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣካላዊ ዓመፅ ዝምልከት መረዳእታ ኣኪቡ እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ውፅኢት ከምዘመልክቶ 9.3% ካብተን ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ ቅድሚ እቲ መፅናዕቲ ኣብ ዝነበሩ 12 ኣዋርሕ ኣካላዊ ዓመፅ ከምዘጋጠመን ይሕብር። እቶም ዝበዝሑ ፈፀምቲ ኣካላዊ ዓመፅ ብዓብላሊ መልክዑ ናይ ቀረባ መፃምድቲ ኮይኖም መፃምድቲ ሓዳር ወይ ኣዕሩኽ ድማ ኣብ ቅድሚት ይስርዑ።
- ውፅኢት ፆታዊ ዓመፅ ከም ዘመልክቶ ድማ 6.0% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዓይነት ፆታዊ ዓመፅ ከምዘጋጠመን ሓቢረን። እዚ ድማ ምስቲ ብDHS 2016 (6.5%) ዝተፀብፀበ መረዳእታ ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ። እቲ ውፅኢት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስነ-ኣእምሮኣዊ ግህሰት ዝምልከት መረዳእታ ብምእካብ ዝተሰርሐ መፅናዕቲ ከምዘመልክቶ 13.3% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዓይነት ስነ-ኣእምሮኣዊ መጥቃዕቲ ከምዘጋጠመን ይሕብር። ብመንፅር ቁጠባዊ ግህሰት ውፅኢት 5.8% ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዓይነት ቁጠባዊ ግህሰት ከምዘጋጠመን ይሕብር።
- እቲ መፅናዕቲ ከም ዘመልክቶ 14.0% ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ ምስ ኣጋጠመን ሓገዝ ክደልያ ፈቲነን እየን። ካብቶም ኣገልግሎት ዝደልያ ዝነበራ ልዕሊ ፍርቂ (55.2%) ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ ምስ ኣጋጠመን ሓገዝ ክደልያ ኣብ ዝፈተናሉ እዋን ዝኾነ መሳለጥያታት (facilities) ክረኽባ ከምዘይክእላ ገሊፀን።
- ብሓፈሻ 81.0% ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ወረ ከም ዝስምዓ ዝገለፃ እንትኾና 48.5% ደቂ ኣንስትዮ ከምዝተከንሸባ ገሊፀን። ክልላት ሶማልያ (83.5%)ን ዓፋር (70.2%)ን ዝለዓለ ዝርገሐ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዘሎ የመላኽት።
- ካብ ትግራይ ዝረኽብናዮ መረዳእታ ብምጥቃም ርኽበታት ኣሳታፊ ተግባራዊ መፅናዕቲ (PAR) ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ግጭታት ኩሉ ዓይነት ዓመፅ ከመይ ክዓቢ ከምዝኽእል ዘርኢ እዩ። ውፅኢት ኣሳታፊ ተግባራዊ መፅናዕቲ ንኹሉ ዓይነት ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዓቢ ብድሆ ከምዘለዎ ዘርኢ እዩ።
- እቲ መፅናዕቲ ብተወሳኺ ኣብ ኩናት ዝተሃስዩ ከባቢታትን ኣብ ተመዛበልትን ፆታን ስርዓተ-ፆታን መሰረት ዝገበረ ዓመፅ እንተጋጥም ግዳያት ሓገዝ ክረኽባሉ ዝኽእላ ኩነታት እንተሃልዩ ንምርኣይ ፈቲኑ እዩ። ኣብ መቐለን ሓውዜንን (ትግራይ) ካብ ዝተገበረ ዘተ ግዳያት ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን ዓመፅ ዝተረኽበ መረዳእታ ከም ዘማላኽቶ ሰብ ብፅሒት ኣካላት ንግዳያት ዝህብዎ ትኹረት ትሑትን ድሌታት ግዳያት ንምምላእ እኹል ከምዘይኮነን ኣስሚሮምሉ። ተሓታትነትን ፍትሕን ዘይምህላው ጥራይ ዘይኮነስ ብህይወት ዝተረፉ ግዳያት ከም ምግቢ፣ መፅለሊ፣ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ከምኡ'ውን ዕቑባን ደገፍን ክረኽባሉም ዝኽእሉ ውሑሳት ገዛውቲ ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ነገራት ብህጹፅ የድልይወን እዮም።

### 2.2.2 ስነ-ልቦናዊ ድሕነትን ሜላታት ምሽጋር ፀገምን

- እቲ ፀብፃብ ርእሰ-ብቕዓት ደቂ ኣንስትዮ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሕነት፣ ርእሰ-ክብሪ፣ ደረጃ ዕግበትን ደረጃ ኣእምራዊ ፀቕጥን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ቅድታታ ብምጥቃም ኣገደስቲ መዳያት ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ድሕነት ደቂ ኣንስትዮ ዝዳሀሰሰ እዩ።
- ርእሰ-ብቕዓት ዝምልከቱ ውፅኢታት ዓብላልነት ኣወንታዊ መልስታት ይሕብሩ። ማእከላይ ነጥቢ (Mean value) ካብ ዝተሓተ 12 ክሳብ ዝለዓለ 60 ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው ብማእከላይ ገምጋም ማእከላይ ነጥቢ 48.8 ኮይኑ ይርከብ። ካብ ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኽበ መረዳእታ ኣብ መብዛሕትኦም ማሕበረሰባት ዝፀንሐ ስፍሕ ዝበለ ፆታዊ ዘይምዕሩይነት ዝሕብር ኮይኑ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ትሑት ርእሰ-ብቕዓት ንክቅፅል ምክንያት ኮይኑ እዩ። ንኣብነት፦ ካብ ሎጊያ (ዓፋር) ዝመፃ ተሳተፍቲ ንሓፈሻዊ ስምዒት ርእሰ-ብቕዓተን ዝፀሉ ካብ ባህላዊ ንዕቐትን ፅልኣትን ዝብገስ ቀፃሊ ርእሰ-ጥርጣረ ከም ዘሎወን ተመኩሮአን ኣካፊለን። ብተመሳሳሊ ኣብ ኦሮሚያ-መቱ ዝተገበሩ ዘተታት ካብ ጎዳእቲ ልምድታት ዝምንጩ ዓሚቑ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዓመፅ ዝምልከት ብተደጋጋሚ ይለዓል ነይሩ።
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስድራቤት፣ ኣዕሩኽ፣ ስራሕ፣ እቶት፣ ዝነብራሉ ገዛን ብሓፈሻ ህይወትን ዘሎወን ደረጃ ዕግበት ዝምልከት ደረጃታት መለክዒታት ብምጥቃም ሓበሬታ ተኣኪቡ እዩ። ዝተረኸበ ማእኸላይ ነጥቢ 27.7 (mean score) ከም ዝሕብሮ ብማእኸላይ ገምጋም ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብቶም ዝተለክዑ ሽዱሽተ መዳያት ማእኸላይ ደረጃ ዕግበት ከምዘርእያ፤ እቲ ዝተሓተን ዝለዓለን ማእከላይ ነጥቢ (mean value ) ብቕደም ተኸተል 7ን 49ን እዩ።





- ደረጃ ኣእምራዊ ፀቕጥን ጭንቀትን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያውያ እውን ተለኪዑ እዩ። ከም ውሕስነት ስራሕ፣ ፋይናንሳዊ ምርግጋእ፣ ምቹእ መፃምዲ ምርካብን ሃንደበታዊ ወፃኢታት ዝመሰሉ ፍሉጣት መለክዕታት ዘሻቕሉ ጉዳያት (Concerns) ዝሸፍነ እዩ። እቲ ዝተረኽበ ውፅኢት (14.6) ነጥቢ ከም ዘመልክቶ ብማእከላይ ገምጋም ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብ መላእ እቶም ዝተለክዑ ሓሙሽተ ባእታታት ብተዛማዲ ልዑል ደረጃ ፀቕጥን ጭንቀትን ከምዘለወን ይሕብር። እቲ ማእከላይ ነጥቢ ካብቲ ዝተሓተ (5) ክሳብ ዝለዓለ (25) ማእከላይ ነጥቢ ዝተዘርግሐ እዩ።
- እቲ ዳህሳስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሕነትን ርእሰ-ክብሪ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያውያ ንምርዳእ ዝዓለመ እዩ። ውፅኢታት ከም ዘመልክትዎ ማእከላይ ነጥቢ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ 23.6 ኮይኑ፣ ካብ 12 (ዝተሓተ) ክሳብ 60 (ዝለዓለ) ዝተዘርግሐ እዩ። እዚ ድማ ኣብቶም ኣብቲ ዳህሳስ ዝተሳተፉ መልሲ ወሃብቲ ማእከላይ ደረጃ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሕነትን ርእሰ-ክብርን ከምዘሎ ዘመልክት እዩ።

### 2.2.3 ተበፃሕነት ፍትሒ ደቂ ኣንስትዮ

- ካብተን ዝተሓተታ ደቂ ኣንስትዮ ቅድሚ እቲ ዳህሳስ ኣብ ዝነበሩ 12 ኣዋርሕ ባእስታትከም ዝነበሩ ዝገለፃ 5.1% ኮይኑ እዚ መረዳእታ ኣብቲ ዳህሳስ ዝተገብረሉ ማሕበረሰብ ዝነበሩ ፍፃመታት ባእሲ ዘመላኽት እዩ። እቶም ፍልፍል ባእስታት ድማ ጉዳይ መሬት (21%)፣ ኣባላት ስድራቤት (45%)፣ ፍትሕ ሓዳር (9.5%)፣ ንብረትን ካልኦትን ይርከብዎም። ብመንፅር ከተማን ገጠርን እንትርአ ኣብ ከተማታት ዝለዓለ ሚኢታዊ ናይ ባእሲ ጉዳያት (5.9%) እንትኸውን ገጠር ድማ 4.7% ከምዝነበረ ተገሊፁ።
- ካብተን ጉዳያት ባእሲ ዝነበረን እተን 45% ነቲ ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ደገፍ ሳልሳይ ወገን ረኺበን እየን። ከባብያዊ ሽምግልና (61.8%) እቲ ዝዓበየ ትርጉም ዘለዎ መልክዕ ደገፍ ኮይኑ ዝተረኽበ እንትኸውን ኣገልግሎት ሕጊ (21.4%)ን ድጋፍ ሕግን (12.6%) ይስዕብ።
- 66.6% በቲ ዝረኸበኦ ደገፍ ሳልሳይ ወገን ዕጉባት ምዃነን እንትግልፃ ፤ 21.2% ግን ብመጠኑ ዘይዕጉባትን ኣዝየን ዘይዕጉባትን እየን።

## 2.3 ባህግታትን ዓቕሚ ምፍፃምን

እዚ ክፋል እዚ ንባህግን ዓቕሚ ምፍፃም ደቂ-ኣንስትዮ ዝርኢ ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ቀዳምነታት ድልየታትን፣ ኣብ መሓውር ምሕደራ ዘለወን ባህግታት፣ ፖለቲካውን ሲቪካውን ተሳትፎ፣ ከምኡ'ውን ግንዛበ ሰላምን ፀጥታን ዝሓዘ እዩ። ብከምዚ ዝስዕብ ድማ ተቐሚጦም ኣሎዉ።

### 2.3.1 ቀዳምነት ድልየታትን ባህግታትን ደቂ ኣንስትዮ

- ኣብ ጉዳይ ምሕደራ ክዋፈራ ንዘሎዎን ባህጊ እንትሕተታ፤ 69.3% ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ትሑትን ኣዝዩ ትሑትን ባህጊ ከምዘለወን ዝሓበራ እንትኾና 13.8% ጥራሕ ድማ ልዑል ባህጊ ከምዘለወን ገሊፀን። እዚ ውፅኢት ብሓፈሻ ዝተሓተ ድልየት ተሳትፎን ምስ መሓውራት ስልጣን ዘሎወን ምቁርራፅ ዘመላኽት እንትኸውን ካብተን ልዑል ትፅቢት ዝገለፃ ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ (13.80%) ድማ ኣብ መሪሕነት ክሳተፋ ዝደልያ ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ ከምዘለዋ ይሕብር።
- እቲ ዳህሳስ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ኢትዮጵያ ቀዳምነት ዝወሃቦም ኣጀንዳታት ደቂ ኣንስትዮ ኣለልዩ እዩ። ድሕነትን ፅጥታን እቲ ዝዓበየን ቀዳምነት ዝህበኦ ኮይኑ ተረኺቡ። 71.6% ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ሸነኽ ብቀዳምነት ኣቐሚጠንኦ። ቁጠባዊ ዕድላት ብካልኣይ ደረጃ ቀዳምነት ዝተውሃቦ ኮይኑ 61.1% ደቂ ኣንስትዮ ንዚ ቀዳምነት ሂበንኦ። ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ካልእ ቁልፊ ቀዳምነት ኮይኑ 55.5% ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ሸነኽ ቀዳምነት ሂበንኦ። መሰረተ-ልምዓት መሰረታዊ ኣገልግሎታትን እውን ንደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ልዑል ኣገዳስነት ዝነበሮም ኮይኖም 36.2% ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ሸነኽ ቀዳምነት ሂበን። ቀፂሉ ድማ ንማሕበራዊ ድሕነትን ንደገፍ መርበባትን ቀዳምነት ምሃብ (ብ17.8%) ከምኡ'ውን ተሳትፎ ኣብ ፖለቲካ ብ2.4%፣ ካልኦት ጉዳያት ድማ 0.4% ብምርካብ ብቕደም ሰዓብ ተሰሪዖም።

### 2.3.2 ፖለቲካን ሲቪካዊ ተሳትፎ

- የደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ሕግታትን ፖሊሲታትን ዘሎወን ንቕሓት ብዝምልከት ተሓቲተን፤ ዝለዓለ ደረጃ ንቕሓት ዘሎወን ብዛዕባ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኑ 52.40% ካብተን መልሲ ዝሃባ ሰባት ኣብኡ ዝተሰነዱ ገለ መሰላት ከም ዝፈልጣ ገሊፀን። ስዒቦም ድማ ብዛዕባ ሕግታት መሬትን ሕጊ ገበን (48.90%)፣ ብዛዕባ ሕጊ ስድራቤትን መሰል ደቂ ኣንስትዮን (45.90%)ን ብዛዕባ ፖሊሲ ደቂ ኣንስትዮ (35.60% ) ዘሎወን ንቕሓት ኮይኖም ተረኺበም። እቲ ዝወሓደ ደረጃ ንቕሓት ንሕጊ ዕዮ ዝተራእየ ኮይኑ 24% ጥራይ እዩ።
- ውፅኢት ናይቲ መፅናዕቲ ዳርጋ ፍርቂ ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ገለ ርድኢት ሕግታት ከም ዘለወን ዝሕብር እኳ እንተኾነ ኣብ ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ (ንኣብነት፦ ኣሶሳ ኣብ ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ) ብደንቢ ከም ዝተገለፀ እዘን ብዛዕባ ድንጋገታት ሕጊ (መሬት ተንከፍ

ሕግታት ሓዊሱ) ኣፍልጦ ዘይብለን ደቂ ኣንስትዮ ብዙሓት ፀገማት ከም ዘጋጥምወንን እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓዳርን ብሓፈሻ ኣብ ሕብረተሰብን ንዝፍፀም ምዝመዛ ዝህልወን ተቓላዕነት ቀፃሊ ንክኸውን ከም ዝገብርን እዩ።

- 84.1%፣ 35.8%ን 44.5%ን ደቂ ኣንስትዮ ብቅደም ተኸተል ስም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ፕረዚደንትን ስም ኣብ ስልጣን ዘሎ ፖለቲካዊ ውድብ ከምዝፈልጣ እቲ መፅናዕቲ ኣረጋጊፁ።
- ብመንፅር ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ 53.1% ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮ ዝሓሹ መራሕቲ ምዃኖም ዘይቅበላ እንትኾና 34.4% ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ሕዚ ደቂ ተባዕትዮ ብሓቂ ዝሓሹ መራሕቲ ምዃኖም ዝኣምና እየን። ከምኡ እውን 67.2% ኣብ ግደ ቀዳማይ ሚኒስትር ጓል ኣንስተይቲ ምምራፅ ፅቡቕ ምኾነ ዝብሉ እንትኾኑ 71% ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣዶ መንበር ወረዳ ኮይነን ምምራፅ ፅቡቕ ሓሳብ ምኾነ ይብሉ።
- እቲ መፅናዕቲ ከም ዘመልክቶ 77.1% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝቕፅል መረፃ ድምፀን ክህባ መደብ ኣለወን፣ ኣብ ዝሓለፈ ምርጫ ድማ 71.6% ተመዝጊበን ኣድሚፀን። ካብተን ኣብ ዝሓለፈ መረፃ ድምፀን ዘይሃባ (n=9162) እቶም ቀንዲ ምኽንያታት ንዘይምድማፅ ኢለን ዝረቑሖኦም፤ ትሕቲ ዕድመ ምዃን (49.2%)፣ ድሌት ዘይምህላው (13.1%)፣ ናይ ድምጺ ካርድ ኣብ ግዚኡ ዘይምርካብ (10.2%)፣ ሕማም (8.3)፣ ንምምራፅ ግዜ ዘይምህላው (5.8%)፣ ኣብ ድምፂ መውሃቢ ጣብያታት ዓመፅ ክይፍጠር ፍርሒ (3%) ይርከብዎም።
- ኣባላት ዝተፈላለዩ ዉዳበታት ኢና ዝብላ ደቂ ኣንስትዮ ብሚእታዊ ከምዘርእዮ ካብ ጠቕላላ መልሲ ዝሃባ 8.4% ኣባላት ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ፣ 1.9% ኣባላት ምምሕዳር ወይ ቤት ምኽሪ ወረዳ ወይ ቀበሌ፣ 2.1% ኣባላት ቤት ምኽሪ ከባቢ ወይ ወረዳ ፣ ከምኡ እውን 2.1% ደቂ ኣንስትዮ ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት እየ ዝብላ ነይረን።
- ኣብ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝተመሓየሸ ለውጢ (ንኣብነት ወረዳ ኣውበረ ኣብ ዞባ ሶማልያ፣ ሰመራ ኣብ ዓፋር) ከም ዘሎ ብኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ዝተሓበረ እንተኾነ እውን ኣብ ዘተ ጉጅለ ደቂ ኣንስትዮ (ንኣብነት ኣብ ኣሶሳ- ቤንሻንጉል -ጉሙዝ) ዝተሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ ግን ኣብቲ ህልው ፖለቲካዊ ስርዓት ተስፋ ከም ዝቆረፃን ብትኽክል ናተን ውክልና ኣሎ ኢለን ከም ዘይሓስባን ገሊፀን። እዚ ካዓ ዘሎወን ሰፊሕ ስምዒት ፖለቲካዊ ተነፅሎ ከም ዘሎወን የመላኽት።

## 2.3.3 ኩነታት ሰላምን ድሕንነትን

- ኣብ ኩነታት ሰላም ዘሎወን ግንዛበ ተሓቲተን 56% ካብተን መልሲ ዝሃባ ኣዝዩ ሰላማዊ ክብላ እንከለዋ፣ 10.0% ድማ ኩነታት ሰላም ኣብ ከባቢአን ይመሓየሽ ከምዘሎ ይሓስባ። ብኣንፃሩ ኣስታት 16.6% ኩነታት ሰላም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እናተበላሸወ ይኸይድ ከምዘሎ ክገልፃ እንከለዋ 17.2 % ድማ ፈጺሙ ሰላም የለን ክብላ መሊሰን። ፍጹም ሰላም የለን ዝብል መልሲ ዝሃባ ዝበዝሓ (52%) ኣብ ክልል ኣምሓራ እየን። ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዓመት ኩነታት ሰላም እናተበላሸወ ይኸይድ ኣሎ ኢለን ዝኣምና ደቂ ኣንስትዮ ካልኣይ ዝለዓለ ሚኢታዊ (48.4%) ኣለዋ።
- ዘሎ ስታቲስቲክስ ኣወንታዊ ምስሊ ዘመላኽት እኳ እንተኾነ ካብ ከተማታት ኣዲስ ኣበባ፣ ትግራይ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝን ኣምሓራን ዝተሳተፋ ተዛተይቲ ደቂ ኣንስትዮ ውሕስነትን ሰላምን ድሕነትን ከም ዘይስመዐን ገሊፀን።
- እተን ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ዘጋጥምወን ዓበይቲ ዓይነታት ግጭት እንትሕተታ ካብ ዝሃበኦ መልሲ:- ዕጥቃዊ ግጭታት 29.5%፣ ግጭት ኣብ ልዕሊ ፀጋታት/ሃፍትታት ብ12%፣ ኣብ ብሄር ዝተመርኮሰ ግጭታት ብ14.1%፣ ሃይማኖታዊ ግጭታት ብ6.0%፣ ግጭታት ዶባት ብ16.5%፣ ከምኡ'ውን ክትራን/ምዝማት 13.4% ይርከብዎም።
- ካብተን ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ፣ 30.2% ብዛዕባ ውልቃዊን ስድራቤተንን ድሕነት ዝምልከት ጉዳያት ኩሉ ግዜ ወይ ብዙሕ ግዜ ከም ዝጭነቓ ክገልፃ እንከለዋ፣ 47.4% ድማ ሳሕቲ ወይ ፈጺመን ከም ዘይጭነቓ ይዛረባ። ክልላት ኣምሓራ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝን ትግራይን ምስ ዕጥቃዊ ግጭታት ዝተተሓሓዘ ልዑል ሚኢታዊ ፍርሒ ክህልወን እንከሎ፣ ክልል ዓፋር ድማ ብፍላይ ብሰንኪ ክትራን/ምዝማት ልዑል ፍርሒ የርኢ።
- እቲ መፅናዕቲ ከም ዘመልክቶ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 17.4% ደቂ ኣንስትዮ ብዕጥቃዊ ውግእ ከምዝተሰቐያ ይሕብር። ኣብ ቤንሻንጉል ጉሙዝ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራን ትግራይን ዝለዓለ ዝርገሐ ብዕጥቃዊ ግጭት ዝተሳቐያ ደቂ ኣንስትዮ ዘሎወን እየን። ካብተን ዕጥቃዊ ግጭት ዘጋጠመን እቶን 47.4% ካብ መረበተን ዝተመዛበላ እየን።
- ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተበግሶታት ሰላም ዝምልከት፤ 0.9% ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ከም መራሕቲ ወይ ኣዳለውቲ ክሳተፉ እንከለዋ፣ 15.5% ድማ ከም ወለንተኛታት ወይ ተሳተፍቲ ጥራይ ተሳቲፈን። ብተወሳኺ 37.7% ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተበግሶታት ሰላም ንኽሳተፉ ተገዳስነት ከም ዘሎወን ክገልፃ እንከለዋ፣ 45.9% ድማ ተገዳስነት ከምዘይብለን ወይ ክሳተፉ ኣይኽእላን።
- ካብ ውፅኢት ሃገራዊ ዳህሳስ ብተወሳኺ ካብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ መቐለ ምስ ዝተረኸበ ተሳተፍቲ (ትግራይ) ዝተገበረ ምይይጥ ዝረኸብናዮ ውፅኢት ዘጨንቕ ሕፅረት ፀጥታ ከም ዘሎ፤ በዚ ምኽንያት ድማ ብፍላይ ኣብ ድሕንነት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣሉታዊ ሳዕቤን እናብፀሐ ከም ዝኾነ ይሕብር። ነበርቲ ብስርቂ፣ ምግፋዕን ከምኡ'ውን ስእነት ከለላ ልሙዳት ተግባራት ዝኾኑ ዘፍርሕ ሃዋህው ይገልፁ። ርኽበታት ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ብተወሳኺ ነቲ ምዕናው መነባብሮ፣ ኣገደስቲ መሰረተ-ልምዓታት፣ ትካላት ትምህርቲ፣ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕናን ከምኡ'ውን ስርዓት-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ዘጠቓልል ኲናት ዘስዓቦ ዕንወት ዘቃልዑ እዮም።
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተበግሶታት ሰላም ንምስታፍ ሓያል ድልየት ከም ዘሎወን እንተርኣያ እኳ እቲ መፅናዕቲ ግን ንተሳትፎአን ዝግድቡ ብዙሓት ዕንቅፋታት ከም ዘሎዉ ይገልፅ። ኣብ ባህርዳር (ኣምሓራ)ን ወረዳ ዓርባ ምንጭ ዙርያን (ደቡብ ኢትዮጵያ) ዝተኻየዱ ዘተታት ጉጅለ ደቂ ኣነስትዮ (WGD) ከም ዝገልፁዎ ማሕበራዊ ስርዓታትን ባህላዊ ኣሰራርሓን፣ ድሩት ትምህርትን ድሩት ተበፃሕነት ሃፍትታትን ንተሳትፎአን ከም ዝፀልዉ የመላኽቱ።

# 3 መደምደምታን ለበዋታትን

እቲ ፅማቕ ሪፖርት ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ካብ ዝቐረቡ ርኽበታትን ትንታነታትን ዝተረኽበ መደምደምታን ለበዋታትን ብምምርኳስ ዝተፈላለዩ ብድሆታት ንምፍታሕን ኣብ ህይወትን ናብራን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣወንታዊ ለውጢ ንምምዕባልን ዝዓለመ ናይ ፖሊሲ ሓሳባት፣ ፕሮግራማዊ ምትእትታዋት፣ ከምኡ'ውን ክትግበሩ ዝኽእሉ ስጉምትታት የቕርብ።

## 3.1 መደምደምታታት

ዕላማ ናይዚ መፅናዕቲ ኣብ 12 ክልላት፣ 2 ምምሕዳር ከተማታት፣ 119 ዘባታት/ከተማታት/ንኡሳን ከተማታትን ኢትዮጰያ ካብ ዝርከቡ ስድራቤታትን ዝተረኸበ ቁፅራዊ መረዳእታ (quantitative data)፣ ካብ 8 ክልላት ድማ ኣሳታፊ ተግባራዊ ምርምር (PAR) ብምጥቃም ዝተኣከበ ዓይነታዊ ሓበሬታን (qualitative information) መሰረት ብምግባር ህሉው ኩነታትን ቀዳምነታት ድልየትን ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ኩለመዳያዊ መረዳእታ ንምርካብ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ካብ ዝቐረቡ ውፅኢታትን ዘተታትን ንቁጠባ፣ ጥዕናን ትምህርትን ኣብ ዘጠቓልሉ ዓበይቲ ቴማታት ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዘም ዝስዕቡ መደምደምታታት ተበፂሖም ኣሎዉ።

### ቁጠባ

**ቀፃሊ ስርዓተ-ፆታዊ ዘይምዕሩይነት ኣብ ዕድል ስራሕ:-** ዋላ'ኳ ኣብ ቁጠባዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ገለ ምዕባለታት እንተተራእየ መብዛሕተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ባዕለን ስራሕ ወይ ብዘይ ክፍሊት ኣብ ስድራ-ቤታዊ ስራሕ ዝተዋፈራ ኮይነን፤ እዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ኣፍራዪ ስራሕ ንክሳተፋ ዘሎ ቀፃሊ ባህላዊ ተቓውሞን ኣብ ዘይክፈሎ ናይ ገዛ ስራሕን ምሕብሓብ ስድራን ዘሎወን ዘይመጣጠን ሓላፍነት ዘንፀባርቕ እዩ።

**ድኹም ተሳትፎ ኣባልነት ውዳበታት:-** ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከባብያዊ ትካላትን ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ትሑት ብምዃኑ ሓበሬታ፣ ዝተፈላለዩ ዕድላትን ድምፀን ዝስማዓሉም መድረኻትን ከይረኽባ ደራቲ ኮይኑ እዩ። እዚ ድማ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ተቓላዕነተን ዘጋድድን ቁጠባዊ ዓቕመን ንምዕባይ ዝግበሩ ፃዕርታት ዘዕንቅፍ እዩ።

**ዘይምዕሩይ ናይ ውሳነ ምሃብ ስልጣን:-** ገለ ደቂ ኣንስትዮ ንብረትን ፋይናንስን ብዝምልከት ኣብ ሓባራዊ ውሳነታት እኳ እንተተሳተፋ፤ ሕዚ እውን ብዙሕ ቁፅሪ ዘሎወን ደቂ ኣንስትዮ ገና ኣብ ልዕሊ ቁልፊ ቁጠባዊ ፀጋታትን ውሳነታትን ብፍላይ ኣብተን ብደቂ ተባዕትዮ ዝምርሓ ስድራቤታት ቁፅፅር የብለንን። እዚ ማለት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዋንነት ንብረት ምስክር ወረቐት ምሓዘን ተበፃሕነት ፋይናንሳዊ ሃፍትታት ምህላወንን ብቐጥታ ኣብ ኣጠቓቕማ ናይ'ቲ ንብረትን ሃፍትን ናይ ውሳነ ምሃብ ስልጣን ክህልወን ኣይገብርን። እዚ ርእሰ-ምሕደራ ዘይምህላው ንቁጠባዊ ምብቃዕን (Economic empowerment) ሓፈሻዊ ድሕነተንን የዳኽሞ።

**ዕንቅፋታት ኣፍራይነት ሕርሻ:-** ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣገልግሎት መስኖን ኤክስቴንሽንን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ እታዎታትን ኣገልግሎታትን ሕርሻ ኣብ ምርካብ ርኡይ ብድሆታት የጋጥመን ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ሕርሻን ውሕስነት መግብን ኣድማዒ ኣበርክቶ ከይገብራ ዓቕመን ይግድብ። እዚ ካዓ ንደቂ ኣንስትዮ ሓረስቶት ንምድጋፍ ዕላማ ዝገበረ ምትእትታው ከምዘድሊ የርኢ።

**ተበፃሕነት ፀዓት:-** ገለ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ሕዚ ንመብሰሊ ነዳዲ ኣብ ባዮማስ (Biomass) ይምርኮሳ። እዚ ድማ ሓደጋታት ጥዕናን ስክፍታታት ዘላቕነት ከባብን ዘሎዎ እዩ። እዚ ፅግዕተኛነት ኣብ ከም በዓል ኣዲስ ኣበባ ዝኣመሰሉ ከተማታት ከይተረፈ ዝፀንሐ ኮይኑ፤ ተበፃሕነት ፅሩይ ምንጪ ፀዓት ንምስፋሕ ኣዝዩ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ዘመልክት እዩ።

**ፅልዋ ቁጠባዊ ምዝባዕ/ቀውሲ ግጭትን:-** ደቂ ኣንስትዮ ከም ምውሳኽ ዋጋ መግቢ፣ ወፃኢታት እታዎታትን ግጭትን ብዝኣመሰሉ ቁጠባዊ ምዝባዓት ካብ ልክዕ ንላዕሊ ይህሰያ ኣሎዋ። እዞም ኩነታት እዚኦም ካዓ ከም ፆታዊ ዓመፅ፣ ምዝንባዕ ስድራቤትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃስያን ዝኣመሰሉ ፆታ-ተኮር ተቓላዕነት ዘጋድዱ እዮም። እዚ ድማ ፅንዓትን ምብቃዕን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ዝሕግዙ ኩለመዳያዊ ማሕበራዊ ከለላን ስርዓታት ደገፍን ከምዘድልዩ ዘጉልሕ እዩ።

## ጥዕና

**ጂኦግራፍያዊ ፍልልያት ኣብ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና፡-** ኣብ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ርኡይ ክልላዊ ፍልልያት ኣሎ። ከም ሲዳማ ዝኣመሰላ ገለ ክልላት ዝያዳ ጎሊሑ ዝረአ ብድሆታት የጋጥመን ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ መላእ ሃገር ዘይምዕሩይ ምክፍፋል ፀጋታትን ኣገልግሎታትን ክንክን ጥዕና ዘመልክት እዩ።

**ፋይናንሳዊ ዕንቅፋታት ክንክን ጥዕና፡-** ቁፅረን ዘይነዓቕ ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣድላዪ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንኸይረኽባ ዝዓግተን ፋይናንሳዊ ዕንቅፋታት የጋጥመን። እዚ ፋይናንሳዊ ሕፅረት ኣብተን ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሕ ስድራቤታትን ትሑት እቶት ዘለወን ክፋላት ህብረተሰብ ደቂ ኣንስትዮን ይገድድ። እዚ ድማ ፍትሓዊ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ንምርግጋፅ ፋይናንሳዊ ምትእትታው ከምዘድሊ ዘመልክት እዩ።

**ምንቁልቋል ኣገልግሎት ኤክስቴንሽን ጥዕና፡-** ኣብ ገጠራት ኣብ ኣድማዕነት ሰራሕተኛታት ኤክስቴንሽን ጥዕና (HEWs) ርኡይ ምንካይ ተራእዩ እዩ። እዚ ምንካይ ፅሬት ኣገልግሎትን ተበፃሕነትን ኣብ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ፅልዋ የሕድር ኣሎ፤ ብፍላይ ኣብተን ሰራሕተኛታት ኤክስቴንሽን ጥዕና ቀንዲ ምንጪ ሓበሬታን ኣገልግሎታትን ክንክን ጥዕና ዝኾኑለን ርሑቕ ክልላት።

**ልዑል ደረጃ ኣድልዎን ምግላልን ኣብ ክንክን ጥዕና፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ትካላት ክንክን ጥዕና ብተደጋጋሚ ኣድልዎን ምግላልን የጋጥመን። እዚ ድማ ኣድላዪ ክንክን ንክጠልባ ኣየተባብዐንን። እዚ ስርዓታዊ ጉዳይ እዚ ንኹሉ ዝሓቁፍን ደጋፍን ሃዋህው ንምፍጣር ኣብ ስልጠናን ፖሊሲታትን ክንክን ጥዕና ርኡይ ምምሕያሽ ክግበር ከም ዘሎዎ ዘጉልሕ እዩ።

**ዘይእኹል ትምህርቲ ፆታዊን ስነ-ተዋልዳውን ጥዕና፡-** ኣብ ሓበሬታ ፆታውን ስነ-ተዋልዳውን ጥዕና ዝምልከት ኣብ ንቕሓት ደቂ ኣንስትዮ ፍልልያት ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ገጠራት ከም ልማዳዊ ዕንቅፋታትን ውሱን ሃፍትታን ዝኣመሰሉ ብድሆታት ይቕፅሉ ኣለዉ።

## ትምህርቲ

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ 55.1% ዝርከብ ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ገለ ካልኦት ሃገራት ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃ ክነፃፀር እንከሎ ብንፅፅራዊ ትሑት እዩ። ንኣብነት፡- ከም ኬንያን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝለዓለ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ኮይነን መብዛሕትኡ ግዜ ልዕሊ 70.0% እዩ። እዚ ድማ ነቲ ክፍተት ንምዕፃውን ውፅኢት መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ደቂ ኣንስትዮ ኢትይጵያ ንምምሕያሽን ዝያዳ ውፅኢታዊ መደባትን ፖሊሲታትን ንምትግባር ድሩትነት ከምዘለዎ ይሕብር። ኣብ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእንምስ ዘሎ ምስ ዕድመ ዘሎዎ ርክብ እንትርአ እቶም ርኽበታት ከምዘመልክትዎ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ኣብ ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ዕድመ ኣዝዩ ይፈላለ እዩ። መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ካብ 15-29 ዓመት ዝዕድሚኣን ዝለዓለ መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ከርእያ እንከለዋ፤ ብዕድመ ዝዓበያ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ካብ 50 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኣን ኣዝዩ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ዝኾና የርኢ።

**ፅልዋ ማሕበረ-ቁጠባውን ዘባውን ረቛሒታት:-** ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዝበፅሓሉ ደረጃ ትምህርቲ ብማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታትን ክልላዊ ኣቀማምጣን ኣዝዩ ዝፅሎ እዩ።

**ኣብ ከተማን ገጠርን ዘሎ ትምህርታዊ ኣፋላላይ፡-** ኣብ መንጎ ከተማታትን ገጠራትን ኣብ ትምህርታዊ ዓወታት ርኡይ ፍልልይ ኣሎ። ብሓፈሻ ኣብ ከተማታት ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ይርከበ ረኽባ። ብተወሳኺ ደቂ ኣንስትዮ ትምህርቲ ኣብ ምቕፃል ከም ቁጠባዊ ብድሆታት፣ ዘይክፈሎ ሓብሓብነትን ስራሕ ገዛን፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንጉዱኣት ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥመን ብድሆታት ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩን ዝተሓላለኹን ዕንቅፋታት የጋጥሙወን እዮም።

## 3.2 ብድሆታትን ፀዋርነትን/Resilience/

### ፆታን ስርዓተ-ፆታን መሰረት ዝገበረ ዓመፅ (SGBV)

ዝርገሐ ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝተፈላለየ ኮይኑ፤ ምግማት ከም ዝከኣል ዝለዓለ መጠን ዓመፅ ኣብ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ዝተራእየ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ሕፁያት፣ ንሓደ ሰብኣይ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ሰበይቲ ዝተመርዐዋን ዝተፋታሓን ብዝለዓለ ሚእታዊ ጐሊሁ ይርአ። እዚ ድማ ነተን ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥሞም ልዑል ሓደጋ ዘጉልሕ እዩ። ኣብ ምንጎ ክልላት ዘሎ ደረጃ ፍልልያት ርኡይ ኮይኑ ሲዳማ፣ ዓፋርን ጋምቤላን ዝለዓለ መጠን ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝትረኣየለን እየን። ብተወሳኺ ኣብ ትሑት ፀፍሒ ሃፍቲ ዘለዋን ኣብ ገጠራት ዝነብራን ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ ደረጃ ዓመፅ ዘጋጥመን እንትኸውን እዚ ድማ ኣብ መንጎ ድኽነትን ተቓላዕነትን ዘሎ ረክብ ዘግህድ እዩ።

ጠቕላላ ዝርገሐ ዓመፅ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ 20.2% ኮይኑ እቲ ጉጅለ መፅናዕቲ ግን ኣብ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ዝምልከት ዝርከቡ ኣሃዛት ንሓቀኛ ስፍሓት ናይዚ መተሓሳሰቢ ፀገም ምሉእ ብምሉእ ከንፀባርቑ ከም ዘይኽእሉ ይድምድም። ፈፀምቲ ዓመፅ ነቲ ዝፍፀምዎ ግህሰት ክሓብእዎ ወይ ከነኣእስዎ ይኽእሉ እዮም፤ ከምኡ'ውን ግዳያት ብወገነን ኩሉ ግዜ ንገለ ዓይነታት ዓመፅ ንኣብነት፡- ከም ቁጠባዊ ስእነትን ስምዒታዊ ምትላልን ከም ግህሰት ዘይክርድእኦም ይኽኣላ እየን። እዞም ተግባራት እዚኦም ግዳያት ባዕለን ከም ንቡርን / ቅቡሉን ይወስደኦም እሞ እንትሕተታ መረዳእታ ስለ ዘይህባሎም ስለ ዘይፅብፀቡ ኣብ ወግዓውያን ስታቲስቲክስ ኣይፅብፀቡን። ከም ተወሳኺ ለበዋ ኣብ መዓስከራት ተመዛበልቲ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ንጡፍ ግጭት ዝርከባ ከባቢታትን ንኹሉ ዓይነት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ኣዝየን ተቓላዕቲ ስለዝኾና ሓለዋ የድልየን እዩ።

### ስነ-ልቦናዊ ረቛሒታት

**ርእሰ-ብቕዓት (Self efficacy):-** ኣብ መዳያት ርእሰ-ብቕዓት ዘሎ ውፅኢት ኣወንታዊ መልስታት ዝዓብለሎ ኮይኑ ግን ከም ልማዳዊ ስርዓተ-ፆታዊ ግደ፣ ድሩት ተበፃሕነት ትምህርትን ቁጠባዊ ዕድላትን፣ ከምኡ'ውን ሕብረተሰባዊ ትፅቢታት ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሰን ዓቕመን ኣብ ምእማን ዝገብርኦ ቃልሲ ፅልዋ ከምዘለዎም'ውን የቃልዕ። ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ስምዒት ነብሰ-ምጥርጣርን ጎደሎነትን ይገልፃ። እዚ ድማ ኣብ ርእሰ ተኣማንነተንን ናይ ውሳነ ክእለተንን ፅልዋ የሕድር።

**ዕግበት ህይወት፡-** ርኽበታት መፅናዕታት ከም ዝሕብርዎ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ከም ፋይናንሳዊ ምርግጋእ፣ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና፣ ኩነታት ግጭትን ካልእን ዝተኣሳሰሩ ብድሆታት ዝኣመሰለ ዝተፈላለዩ ረቛሕታተ ብምጥቃስ ኣብ ህሉው ኩነታት ሂወተን ትሑት ደረጃ ዕግበት ከም ዘሎወን ይሕብሩ። እዞም ረቛሒታት እዚኦም ንስምዒት ዘይዕግቡነት ኣበርክቶ ዝገብሩን ንሓፈሻዊ ድሕነት ህይወት ደቂ ኣንስትዮ ዝዕንቅፉን እዮም።

**ፀቕጥን ጭንቀትን፡-** ፀቕጥን ጭንቀትን ብፍላይ ድማ ከምኒ ድኽነት፣ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ድሩት ተበፃሕነት ፀጋታትን ዝኣመሰሉ ብድሆታት ኣብ ዘሎውሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ልሙዳት ስነ-ኣእምሮኣዊ ተጓንፎታት ደቂ ኣንስትዮ እዮም።

**ድሕነት ህይወትን ርእሰ-ከበሬታን፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ መብዛሕትኡ ግዘ ብሕብረተሰባዊ ስርዓታትን ባህላዊ እምነታትን እናተፀለዋ ምስ ትሑት ርእሰ-ከበሬታንን ስምዒት ዋጋ-ኣልቦነትነ ይነብራ ኣሎዋ። ደቂ ኣንስትዮ ኣድልዎ፣ ዓመፅን ምግላልን ከምዘጋጥመንን እዚ ድማ ኣብ ድሕነትንን ርእሰ-ክብረንን ብኣሉታ ከምዝፀልወን ፀብፂበን።

## ባህግታትን ዓቕሚ ምፍፃምን

**ትዕቢታት ብዛዕባ ህሉውን መፃእን ኩነታት ፀጥታ፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ዘተሓሳስቡ ስግኣታት ፀጥታ የጋጥምወን ኣሎዉ። ብዙሓት ዘይውሕስነት ይስምዐንን ኣብ ሓጺር ግዜ ስግኣት ድሕነተን እናገደደ ከም ዝኸይድ ትፅቢት ይገብራ።

**ኣብ መሓውር ምሕደራ ንምውፋር ዘለዉወን ባህግታት፡-** መብዛሕትኦን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብ መሓውር ከባብያዊ ምምሕዳር ንምውፋር ዘሎወን ባህጊ ትሑት እዩ። እዚ ድማ ከም ሕፅረት ትምህርቲ፣ ሕፅረት ፀጋታትን ባህላዊ ስርዓታት ዝኣመሰሉ ንተሳትፎኦን ዝዓግቱ ስርዓታዊ ዕንቅፋታት ከም ዘሎዉ ዘመልክት እዩ።

**ቀንዲ ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ንድሕነትን ምርግጋዕን ልዑል ቀዳምነት ዝህበኦም ጉዳያት እዮም። እዚ እቲ ዘሎወኦን ዝሓለፈኦን ወድዓዊ ኩነታት ግጭት፣ ዓመፅን ዘየተኣማምን ኩነታት ፀጥታን ዘንፀባርቕ እዩ። ብተወሳኺ ቁጠባዊ ዕድላትን ተበፃሕነት ክንክን ጥዕናን ካብቶም ቀፂለን ልዑል ትኹረት ዝህበኦም ቀዳምነታት እዮም።

## ፖለቲካን ሲቪካዊ ተሳትፎን

**ፖለቲካዊ ንቕሓትን ኣመለኻኽታን ፣-** መብዛሕትኦን ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ኣብ ፖለቲካ እንታይ ይካየድ ከምዘሎ ክርድኣ ዘይክእላ ኮይኑ ይስምዐን።፣ እዚ ድማ ፖለቲካ ዝተሓላለኸ ከቢድ እዩ ወይ ኣይምልከተናን ዝብል ርድእት ከም ዘሎወን የመልክት። ትምህርቲ ኣብ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብዛዕባ ስልጣን ንዝህልወና ኣመለኻኽታን ኣብ ምቕራፅ ልዑል ፅልዋ ኣለዎ። ዝተምሃራ ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ስልጣን ሕቶ ናይ ምልዓል ተኽእሎኦን ዝለዓለ ኮይኑ ከም ደቂ ተባዕትዮ ክምረፃ ማዕረ ዕድል ክህልወን ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለወን።

**ንቕሓት ፖሊሲታትን ሕግታትን፡-** ኣብ መንጎ ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ቁልፊ ሕግታትን ፖሊሲታትን ዝተፈላለየ ደረጃ ንቕሓት ከምዘሎን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ክልታት ዕድመታት ርኡይ ፍልልያት ከምዘሎን ይፍለጥ።

## ሰላምን ድሕንነትን

**ተሳትፎ ኣብ ከይዲ ሰላም፡-** ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መስርሕ ሰላምን ድሕንነትን ኢትዮጵያ ብዘሰክፍ መልክዑ ትሑት ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምክልኻል ግጭት፣ ሽምግልናን ዳግመ ህንፀት ድሕሪ ግጭትን ወሳኒ ግደ እኳ እንተሃለወን ድምፀንን ኣረኣእያአንን ኣብ ውሽጢ እዞም ዓውድታት ብቐፃሊ ይግለል እዩ። እዚ ፆታዊ ዘይምዕሩይነት እዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መሪሕነት ንኽይሳተፋ እናደረተ ዝቕፅል ዘሎ ዓሚቝ ሕብረተሰባዊ ዘይማዕርነትን ተባዕታይ ዘማእኸሉ ስርዓታትን ዘንፀባርቕ እዩ።

**ክልላዊ ፍልልያት ኣብ ድሕነትን ፀጥታን፡-** ግንዛበ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ድሕነት ኣብ ምንጎ ክልላት ርኡይ ፍልልይ ኣሎዉ። ኣብ ክልላት ዓፋርን ሃራሪን ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤንሻንጉል ጉሙዝን ኣምሓራን ካብ ዘሎዋ ደቂ ኣንስትዮ ዝሓሸ ውሕስነት ፀጥታ ይስመዐን።

**ፅልዋ ዕጥቃዊ ግጭታት፡-** ብፍላይ ኣብ ከም በዓል ኣምሓራ፣ ትግራይ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ዝኣመሰላ ክልላት ዕጥቃዊ ግጭታት ዓበይቲ ፀገማት ኮይኖም ተጠቒሶም እዮም። እዞም ግጭታት ኣብ ድሕነት ደቂ ኣንስትዮ ከቢድ ፅልዋ ስለዘለዎም ልዑል ደረጃ ፍርሒ፣ ምዝንባልን ምብትታን ማሕበራዊ ስርዓትን እናስዓቡ ይርከቡ። ስለዚ ፃዕርታት ምፍታሕ ግርጭታትን ህንፀት ሰላምን ብህፁፅ ክጅመሩ ይግባእ።

**ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን መዋቕራዊ ዕንቅፋታትን፡-** ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ (GBV) ምስ መዋቕራዊ ማሕለኻታት ዝኾኑ ከም ግዱብ ተበፃሕነት ዕድላት ስራሕ፣ ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ዝኣመሰሉ ተደሚሩ ርኡይ ፀገም ኮይኑ ይቕፅል ኣሎ። እዞም ዝተጠቐሱ ጉዳያት ንቶም እዋናዊ ስክፍታታት ፀጥታን ነዊሕ ዝፀንሕ መዋቕራዊ ዘይምዕሩይነትን ዝምልከት ኩለመዳያዊ ፖሊሲታት ከምዘድሊ ዘጉልሑ እዮም።

**ዝተፈላለዩ ግንዛበታት ሰላም፡-** መብዛሕትኦን ደቂ ኣንስትዮ ንከባቢኦን ሰላማዊ ምኳኑ ክገልፃ እንከለዋ ርኡይ ክፋል ግን እቲ ኩነታት እናተበላሸወ ይኸይድ ከምዘሎ ወይ ፈጺሙ ሰላም ከምዘየለ ይስምዐን። እዚ ዝተመቓቐለ ግንዛበ ብክልላውን ከባብያውን ዳይናሚክስ ዝተፀልወ ዘይምዕሩይ ተመኩሮታት ሰላምን ድሕነትን ዘመልክት ኮይኑ ፍሉይነት መሰረት ዝገበሩ ተበግሶታት ህንፀት ሰላም ከምዘድልዩ ዘጉልሕ እዩ።

## 3.3 ለበዋታት

### ምህናፅ ቁጠባዊ ዓቕምን መነባብሮን

#### መንግስታዊ ኣካላት

**ሀ) ንደቂ ኣንስትዮ ምስ ኩነታተንን ንባዕለንን ዝስማዕማዕ ድጋፍ ምድላው፡-** ኣብ ዝተፈላለየ ጂኦግራፍያዊ ቦታታትን ዲሞግራፊካዊ መግለፅታትን ዘሎዋ፤ ዝተፈላለየ ህልው ኩነታተንን ቀዳምነታትን ብሓደ ገፅ፤ ክህልዎም ዝኽእል ዝተፈላለየ ደረጃ ፅልዋን ብካልእ ገፅ ኣብ ግምት ብምእታው ንደቂ ኣንስትዮ ዝስማዕማዑ ፕሮግራማት ምትግባር ኣገዳሲ እዩ።

**ለ)** ዋንነትን ተበፃሕነትን ፀጋታት ጥራይ ንደቂ ኣንስትዮ ናይ ውሳነ ስልጣን ስለዘይህብ ደቂ ኣንስትዮ ንብረተን ብዝምልከት ምውሳንን ምምራፅን ክኽእላ ንምብቃዕ ተወሰኽቲ ስጉምትታት የድሊ።

**ሐ) ተበፃሕነት ዋንነት መሬት ምጥንኻር፡-** ምስ ስትራተጂካዊ ዓንዲ 8 (ስርዓተ-ፆታን ማሕበራዊ ሓቖፋይነት) ናይ ዓሰርተ ዓመት ሃገራዊ ትልሚ ልምዓት (2021-2030) ብምስምማዕ:- (1) ዋንነት ንብረት (መሬትን ኣባይትን) ንደቂ ኣንስትዮ ተበፃሕቲ ክኾኑ ዘኽእሉ ደገፍቲ ቁፅፅራዊ መስርሓት ምጥንኻር ከምኡ እውን ፍትሓዊ መሰል ዋንነት ንብረት ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ፖሊሲታት ምትግባርን፤ (2) ምጥንኻር ፃዕርታት ምስክር ወረቐት መሬት/ኣባይቲ፡- ኣብ ሰነዳት መሬት/ኣባይቲ ስም ደቂ ኣንስትዮ ክሰፍር ምግባር ዝሓወሰ ፃዕሪ፤ ብፍላይ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝመርሕዎም ስድራቤታት ንዝርከባ ከምኡ'ውን ምሕላው መሰላት መሬት ደቂ ኣንስትዮ።

**መ) ምጥንኻር መደባት ማሕበራዊ ሓለዋ፣-** ከም ኣብ ገጠርን ከተማን ዝትግበሩ ዘሎዉ መደባት ሴፍቲ ኔት ( PSNP ን UPSNPን) ዝኣመሰሉ መደባት ማሕበራዊ ሓለዋ ብምጥንኻር ንዝያዳ ድኻታት ደቂ ኣንስትዮ ንምብፃሕን ኣብ እዋን ቁጠባዊ ፀገም ፋይናንሳዊ ደገፍ ምሃብ። ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምፅዋር ዓቕመን ንምሕያልን መነባብሮአን ንምቕፃል ዘለወን ፅንዓት ንምዕባይን ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ድልዱል ስርዓታት ቅድመ-መጠንቀቕታን ግብረ-መልሲ ቅልውላውን ምትካል። ብተወሳኺ፣

**ሠ) ደቂ ኣንስትዮ ፀጋታት ክረኽባ ዕድል ምፍጣር፣-** ተበፃሕነት እታወታት ንደቂ ኣንስትዮ ምጥንኻር፤ ንኣብነት፣ ምስ መስኖ፣ ፕሮግራም ኤክስቴንሽንን ብለውጢ ፀባይ ኣየር ንዝኽሰቱ ቀውስታት ዘሎወን ተቓላዓይነት ንምንካይ ምስ ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰር ሓበሬታ ምሃብ፣ ወዘተ።

**ረ) ፈጠራ ስራሕ (ኢንተርፕሪነርሺፕ) ደቂ ኣንስትዮ ምድጋፍ፡-** ደቂ ኣንስትዮ ንፋይናንሳዊ ኣገልግሎታት ዘሎወን ተበፃሕነት ንምዕባይ ብዝግበሩ ተበግሶታት ብምድንፋዕ ፋይናንሳዊ ሓቖፋይነት ምትብባዕ። ንኣብነት፡- ከም ዕቋር ሕሳብን ማይክሮ ፋይናንስን፣ ዝተፈላለዩ ኣማራፅታት መድሕን፣ ከምኡ እውን ክእለት ምሕደራ ፋይናንስ ንምዕባይ ስልጠና ፋይናንሳዊ ትምህርቲ ምሃብ። ንስራሕ ፈጠርቲ ደቂ ኣንስትዮ ንምድጋፍ መደባት ምትግባር፣ ንኣብነት ስልጠና ክረክባ ምግባር፣ ድጋፋዊ ምኽሪ ምሃብን (mentorship)፣ ስራሕ ንምጅማርን ንምዕባይን ዝሕግዙ ናይ ፋይናንስ ዕድላት ምፍጣር። እዚ ምስ ዝርከቡ ናይ ስራሕ ዕድላት ምትእስሳር እውን ክሓውስ ይኽእል እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ እቶት ዘርክቡ ወይ ዕድላት ስራሕ ከምኡ ዓይነት ዕድላት ውሑድ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ክልላትን ገጠራዊ ኩነታትን ፍሉይ ኣቓልቦ ዝገበረ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ሰ) ፋይናንሳዊ ሓቖፋይነት ምድንፋዕ፣-** ደቂ ኣንስትዮ ከም ሕሳብ ዕቋርን (savings accounts ) ማይክሮፋይናንስን ዝኣመሰሉ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎታት ንኽረኽባ ዝሕግዙ ተበግሶታት ምምዕባል፣ ከምኡ'ውን ክእለት ምሕደራ ፋይናንስ ንምዕባይ ስልጠና ፋይናንሳዊ ትምህርቲ ምሃብ።

**ሸ)** ፋይናንሳዊ ደንብታት ንጠለባትን ቀዳምነታትን ደቂ ኣንስትዮ ምላሽ ዝህቡ ምኳኖምን ምርግጋፅን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ክፍፍል ፋይናንሳዊ ሃፍቲ (ንኣብነት ኣብ ልቓሕ) ዝህልወን ናይ ምውሳነ ስልጣን ንምዕባይን ናይ መተግበሪ ኣገባባት ምቕማጥን፤ i) ብፍላይ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተበፃሕነት ትምህርትን ትምህርቲ ኣባፅሕን ምዕባይ፡- እዚ ድማ ዓቕሚ ምፍፃም ደቂ ኣንስትዮንምዕባይን ንዕድላት ስራሕ ዘለወን ቅርበትን ንምውሳኽን ዝሕግዝ፤ ii) ባዮማስ ከም ምንጪ ብርሃንን ነዳዲ ምብሳልን ምጥቃም ዘስዕቦ ዘይምቹእ ጥዕናውን ከባብያውን ሳዕቤናት ንምንካይ ኣድላዪ ቴክኒካዊ ስልጠና ዘለዎ ደገፍ ሓዊሱ ኣማራጺ ምንጪ ፀዓት ዝረኽባ ደቂ ኣንስትዮ ምብዛሕ።

**በ) ደቂ ኣንስትዮ ዝምችዉ ደገፍቲ ፖሊሲታትን መደባትን ምምዕባል፡-** ንኣብነት ኣብ ትሕቲ ኽለሳ ዘሎ ፖሊሲ ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነትን ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ምትግባር፣ ፆታዊ ማዕርነት ዘተባብዑ ሕግታት ዕዮ ምትግባርን ክትግበር ብምግባርን ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ምሉእን ፍትሓውን ክሳተፋ ምኽኣል፤ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ምድብ በጀትን ትግበራን ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ክህሉ ምስራሕ። ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣፍራዪ ስራሕ ንምብራኽ ብኣስራሒ ትካላት ዝውደባ ማእኸላት መሐብሐቢ ህፃናት (ኣብ ስትራተጂካዊ ዓንዲ 9 ናይ ዓሰርተ ዓመት ትልሚ ልምዓት ተገሊጹ) ምድንፋዕን ምትግባርን።

## ዘይመንግስታውያን ትካላትን ሲቪላዊ ማሕበራትን

**ሀ) ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ምሕላቕ፣-** ምስ ታሕተዎት መሰረታዊ ውዳበታት ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮን ብምትሕብባር ፆታዊ ማዕርነትን ቁጠባዊ ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ዝድግፉ ፖሊሲታትን ሕግታትን ንክህልዉ ምሕላቕ። ከምኡ'ውን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ንጥፈታት ምድንፋዕ እቶት ዝምልከት ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ገዛኣይን ግጉይን ዝኾነ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ንምቕያር ንቕሓት ምፍጣር።

**ለ) ህንፀት ዓቕሚ ምሃብ፡-** ንደቂ ኣንስትዮ ቁጠባዊ ዕድላት ንምስፋሕን ንምብቃዕን ብዛዕባ ኢንተርፕሪነርሺፕ፣ ፋይናንሳዊ ምሕደራን ክእለት መሪሕነትን ዝምልከቱ ስልጠናታትን ዓቕሚ ምዕበዪ መደባትን ምሃብ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ሓድሽ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ኣጠቓቕማን ምሕደራን መሬት ገጠር (2024) መሰረት ብምግባር መሬተን ተጠቒመን ልቓሕ ክረኽባ ምድጋፍ።

## መሻርኽቲ ልምዓት

**ሀ) ፅገናታት ፖሊሲን ቁጠባዊ ምዕባለን ምድጋፍ፡-** ቁጠባዊ መሰላትን ዕድላትን ደቂ ኣንስትዮ ዘደንፍዑ ፖሊሲታት ንምሕንፃፅን ንምትግባርን ቴክኒካዊ ሓገዝን ፋይናንሳዊ ደገፍን ምሃብ። ብፍሉይ ድማ መሰል መሬት ደቂ ኣንስትዮ፣ ፋይናንሳዊ ሓቘፋይነትን ቁጠባዊ ምሕያልን ዘዕውቱ ፕሮጀክትታት ምድጋፍ።

**ለ) ምብርታዕ ምሕዝነት፡-** ምስ ከባብያዊ ውዳበታትን መንግስታዊ ኣካላትን ብምትሕብባር ንፍሉይ ድሌታትን ቀዳምነታትን ደቂ ኣንስትዮ ዝተፈላለዩ ክልላት ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ መደባትን ምትእትታዋትን ምትግባርን።

# ጥዕና

## መንግስቲ

**መንግስቲ፣ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ምምሕያሽ፣-** ንደቂ ኣንስትዮ ተበፃሕነት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ንምዕባይ፣ መሰረተ-ልምዓት ክንክን ጥዕና ኣብ ምስፋሕ ብፍላይ ኣብ ድሕረ- ኲናት ኣብ ዝርከባ ቦታታት፣ ገጠራትን ትሑት ኣገልግሎት ዝረኽባ ከባቢታትን ወፍሪ ምግባር። እዚ ድማ ብፍላይ ኣብቲ ብኲናት ዝተሃስየ ከባቢታት መንግስታዊ ተበግሶታት ብዝብለፀ ብምጥንኻር ክግበር ይከኣል። እዚ ድማ ምፍታሕ ልዑል ወፃኢታት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፣ ሕፀረት መድሕን ጥዕና፣ ከምኡ'ውን ብድሆታት መጓዓዝያ ዝኣመሰሉ ዕንቅፋታት የጠቓልል።

**ፆታዊን ስነ-ተዋልዶውን ትምህርቲ ምጥንኻር፡-** ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ጥዕና ስነ-ተዋልዶ /Reproductive health/ ኣብ ግቡእ ሓበሬታ ዝተመስረተ ውሳነታት ንኽወስዳ ቅኑዕ ሓበሬታን ፀጋታትን ንኽረኽባ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ማሕበረሰባትን ትካላት ክንክን ጥዕናን ሰፋሕቲ ፆታውን ጥዕና ስነ-ተዋልዳውን ዝምልከቱ መደባት ትምህርቲ ምትግባር።

**ኣገልግሎት ምጣነ-ስድራ ምዕባይ፡-** መከላኸሊ ጥንሲን ኣገልግሎት ጥዕና ስነ-ተዋልዶን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምጣነ- ስድራ ምግፋሕን ኣብ ኩሉ ክልላት ምህላው ምርግጋፅን። ብተወሳኺ ብዛዕባ ምጣነ- ስድራ ንቕሓት ንምዕባይን ኣብ ኣጠቓቕምኡ ዘጋጥም ልማዳዊ ዕንቅፋታት ንምፍታሕን ዕሉማት ጎስጓሳት ወፍሪ ምግባር። ኣገልግሎት ጥዕና ኣደን ህፃናትን ፆታውን ስነ-ተዋልዳውን ጥዕና ፍሉይ ትኹረት የድልዮም።

**ድሌታት ጥዕና ወርሓዊ ፅግያት ምፍታሕ፡-** ከም ሳኒታሪ ፓድ ዝኣመሰሉ ብተመጣጣኒ ዋጋን ፅሬት ዘለዎምን መሳርሕታት ፅሬት ወርሓዊ ፅግያት ንምምሕያሽ ተበግሶታት ምምዕባልን ንኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ብዛዕባ ኣታሓሕዛ ፅሬት ወርሓዊ ፅግያት ትምህርቲ ምሃብ። እዚ ብዛዕባ ዝርከቡ ኣማራጺታትን ግቡእ ኣገባብ ኣታኣላልያን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓውሰ ክኸውን ኣሎዎ።።





## ዘይመንግስታውያን ትካላትን ሲቪክ ማሕበራትን

**መደባት ትምህርቲ ጥዕና ማሕበረሰብ ምክያድ፡-** ምስ ማሕበረሰባት ከባቢ ብምትሕብባር ኣብ ፆታዊን ስነ-ተዋከዳውን ጥዕና፣ ምጣነ- ስድራ፣ ምሕደራ ፅሬት ወርሓዊ ፅግያትን ዘተኮሩ መደባት ትምህርቲ ጥዕና ምትግባር። እዞም መደባት እዚኦም ብባህሊ ተኣፋፍቲ ዝኾኑን ምስ ፍሉይ ድሌታት ዝተፈላለዩ ክልላትን ህዝብን ዝሰማማዕ ክኾኑ ይግባእ።

**ንፖሊሲ ለውጢ ምጉስጓስ፣-** ንጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ቀዳምነት ዝህቡ ፖሊሲታት ንኽፀድቑን ንኽትግበሩን ምጉስጓስ። እዚ ድማ ተበፃሕነት ክንክን ጥዕና ዘዐንቅፉ ነገራት ንምፍታሕ፣ ኣገልግሎት ጥዕና ስነ-ተዋልዶ ምምሕያሽ፣ ከምኡ'ውን ተበፃሕነት ብተመጣጣኒ ዋጋ ዝሸየጥ ፍርያት ፅሬት ወርሓዊ ፅግያት ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ስጉምትታት ዝሓውስ እዩ።

**ኣገልግሎት ደገፍ ምሃብ፣-** ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ንዘለዉ ዝተፈላለዩ ድሌታት ደቂ ኣንስትዮ ንምምላእ ምኽሪ፣ ክሊኒካት ጥዕና ስነ-ተዋልዶ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ ተበግሶታት ክንክን ጥዕና ሓዊሱ ንጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ዝኸውን ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ምሃብ።

## ዓለም ለኸ መሻርኽቲ

**ምድጋፍ ልምዓት መሰረተ ልምዓት ጥዕና፡-** መሰረተ-ልምዓት ክንክን ጥዕና ንምጥንኻርን ተበፃሕነት ፅሬት ዘለዎ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ኣብ ገጠርን ርሑቕ ከባቢታትን ንምምሕያሽ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ።

**ንመደባት ጥዕና ተፈጥሮ ምወላ፡-** ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣገልግሎት ምጣነ-ስድራ፣ ክንክን ጥዕና ኣዴታትን ፆታውን ስነ-ተዋልዳውን ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝዓለሙ መደባትን ተበግሶታትን ብፋይናንስ ምሕጋዝ ።

**ምስ ናይ ከባቢ ትካላት ምሕዝነት፡-** ምስ ናይ ከባቢ ትካላትን መንግስታዊ ትካላትን ብምትሕብባር መጠናኸሪ መደባትን ምትእትታዋትን ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ምትግባር። እዚ ናይ ከባቢ ክእለትን ፀጋታትን ብምጥቃም ልዑል ፅልዋ ንምፍጣርን ናብ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ምብፃሕን ይጠቅም።

# ትምህርቲ

## መንግስቲ

**ሀ) ተበፃሕነት ትምህርቲ ምዕባይ፡-** ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ተበፃሕነት ትምህርቲ (ንኣብነት ትምህርቲ ዓበይቲ) ንምዕባይ ዝዓለሙ ፖሊሲታትን መደባትን ምትግባር፣ ብፍላይ ካዓ ብዝበለፀ ኣብ ገጠራትን ትሑት ኣገልግሎት ዝረኽባ ከባቢታትን ንዝርከባ ልዕሊ 30 ዓመት ዝዕድሚኦን ደቂ ኣንስትዮ ዘተኮረ። ኣብተን ብኲናት ዝተሃስያ ትካላት ትምህርቲ ወፍሪ ምግባር፤ ፍትሓዊ ተበፃሕነት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ኣብ መንጎ ፀፍሕታት ሃፍቲ ዝትረኣየ ክፍተት መጠን ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍን ምርዳእን ምፍታሕ ቀዳምነት ክወሃቦ ኣለዎ። ነዚ ጉዳይ ብኣድማዒ መንገዲ ንምፍታሕ ኣብ ትሑት ፀፍሒ ሃፍቲ ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዝጥዕም ትምህርታዊ ደገፍን ፀጋታትን ንምሃብ ዕላማ ዝገበረ ድጋፍ ክግበር ይግባእ።

**ለ) ማሕለኻታት ትምህርቲ ምፍታሕ፡-** ስእነት ደገፍ ስድራቤት፣ ፋይናንሳዊ ፀገማትን ዘይክፈሎ ናይ ክንክን ስራሕ ሓላፍነትን ሓዊሱ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ትምህርተን ንምቕፃል ዘጋጥምወን ዕንቅፋታት ንምፍታሕ ተበግሶታት ምምዕባል። ኣዋልድ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ንኽምዝገባን ንኽፀንሓን ንምትብባዕ ዕላማ ዝገበረ ደገፍን ምትብባዕን ምሃብ።

**ሐ) ዲጂታላዊ ትምህርቲ ምድንፋዕ፡-** ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ቴክኖሎጂ ብኣድማዒ መንገዲ ናይ ምድላይን ምጥቃምን ክእለት ንኽህልወን መደባት ዲጂታላዊ ትምህርቲ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ምውህሃድ። ነቲ ዲጂታላዊ ኣፈላላይ ንምፅባብ ንምድልዳል ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ማሕበረሰባትን ፀጋታት ኮምፒተርን ኢንተርነትን ምጥቃም።

## ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ማሕበራትን

**ሀ) ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ ፖሊሲታት ንክህልዉ ድፍኢት ምግባር፦** ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ማዕረ ተበፃሕነት ትምህርቲ ዘተባብዑ ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ ፖሊሲታትን ሕግታትን ንኽፀድቑን ንኽትግበሩን ድፍኢት ክገብሩ ይግባእ። ብዛዕባ ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣዋልድን ረብሓ ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነት ኣብ ትምህርቲን ንቕሓት ምዕባይ።

**ለ) ኣገልግሎት ትምህርታዊ ደገፍ ምሃብ፦** ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ ትምህርቲ ንዘጋጥመን ዕንቅፋታት ንኽሰግራን ኣካዳሚያዊ ዓወት ንኽረኽባን ንምብቃዕ ከም ናፃ ትምህርቲ፣ መደበት ኣገልግሎት ምኽሪን ኣገልግሎት ፍሉይ ሓገዝ ትምህርቲ (ቱቶሪያል) ምሃብ።

**ሐ) ርክብ ማሕበረሰብ ምክያድ፦** ማሕበረሰብ ንትምህርቲ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝህቦ ዋጋን ትኹረትን ከዕቢ ፣ ንኣሉታዊ ስርዓተ-ፆታዊ ስርዓታትን መግለፅታትን ንምቕያርን ንትምህርቲ ኣዋልድ ካብ ታሕቲ ድጋፍን ሃፍትን ንምርካብ ምስ ማሕበረሰብ ርክብ ምፍጣርን ጎስጓሳት መዕበዪ ንቕሓት ምክያድን የድሊ።

## ዓለም ለኸ መሻርኽቲ፦

**ሀ) ንተበግሶታት ትምህርቲ ምድጋፍ፦** ኣብ ኢትዮጵያ ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ተበፃሕነት ፅሬት ዘለዎ ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዝዓለመ ተበግሶታት ትምህርቲ ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ። ንፍሉይ ድሌታት ናይቶም ዝተገለሉን ተቓላዕትን ህዝብታት (ኣዋልድ ገጠር፣ ኣካለ ጉደኣት ኣዋልድ፣ ከምኡ'ውን ካብ ውሑዳት ብሄራት ዝመፃ ኣዋልድ ዝርከብዎም) ዝምልከቱ መደባት ወፍሪ ምግባር።

**ለ) ፆታዊ ማዕርነት ኣብ ትምህርቲ ምድንፋዕ፦** ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ስርዓተ-ፆታዊ ፍልልይ ብምውጋድ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ክፅነሓን ክዛዝማን ኣብ ምግባር ትኹረት ብምግባር ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነትን መትከላት ምብቃዕ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ መደባትን ፖሊሲታትን ትምህርቲ ምውህሃድ።

**ሐ) ኣብ ህንፀት ዓቕሚ ምትሕብባር፦** ምስ ከባብያዊ ትካላትን መንግስታዊ ትካላትን ብምትሕብባር ኣብ ስርዓታትን ትካላትን ትምህርትቲ ዓቕሚ ምህናፅ። እዚ ድማ ኣብ ልጠና መምህራን፣ ምምዕባል ስርዓተ ትምህርቲ፣ ክትትልን ገምጋምን ትኹርት ብምግባር ስርዓተ-ፆታዊ ሕቶታት ዝምልስን ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣሰራርሓ ትምህርቲ ምርግጋፅ ይኸውን።

## ፆታውን ስርዓተ-ፆታውን መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ድሕነትን

### መንግስቲ

**ተበፃሕነት ፍትሒ ምዕባይ፦** ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ብምቛም፣ ንኣኽበርቲ ሕግን ሰብ ሞያ ሕግን ብዛዕባ ኣገባባት ፆታዊ ተኺሳሓይነት (gender-sensitive approach) ስልጠና ብምሃብ፣ ከምኡ እውን ካብ ሞት ዝደሓኑ ሰባት ኣገልግሎት ድጋፍ ሕጊ ከምዝረኽቡ ምግባር። እዚኦም ኣብ ድሕረ- ግጭት ዝመፅእ ኣጀንዳ ፍትሒ ቀንዱ ትኹረታት ክኾኑ ይግባእ። ካብ ስርዓተ-ፆታዊ ዓመፅ ዝደሓና ሰባት (GBV survivors) ፍትሒ ምርካበን ንምርግጋፅ ከይዲታት ሕጊ ቅልጡፋት ምግባርን ንኣኽበርቲ ሕጊ ምጥንኻርን የድሊ። ንኣብነት፦ ንሰራሕተኛታት ፍሉይ ስልጠና ብምሃብን ኣብ ውሽጢ ኣኽበርቲ ሕጊ ንዚ ጉዳይ ዝምከቱ ፍሉያት ኣሁዱታት ብምምስራትን ንግዳያት ዓመፅ ቅልጡፉን ብውፅኢታውን ፍትሒ ምሃብ። ብፍላይ ኣገልግሎት ኣብ ሓደ ማእከል ዝረኽሉ ቦታ (one stop centers ) ምጥንኻርን ትካላዊ ምግባርን፣ ውሑሳት ገዛውቲ ምምችቻውን ንስርዓተ-ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ዝምልከቱ ምላሻት ደቂ ኣንስትዮ ክሳተፉ ምግባር የድሊ።

**መደባት ምክልኻል ምትግባር፦** ንመሰረታዊ ምኽንያታትት ስርዓታዊ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ዝምልከቱ፣ ንጐዳእቲ ስርዓተ-ፆታዊ ልምድታትን ፅልዋታትን ዝልውጡን ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነትን ኣኽብሮታዊ ዝምድናታትን ዘተባብዑ ኩለመዳያዊ መደባት ምክልኻል ምምዕባልን ምትግባርን።

**ኣገልግሎት ደገፍ ምስፍሕፋሕ፦** ንመዕቆቢታት፣ መስመራት ቴሌፎን፣ ምኽሪ፣ ከምኡ'ውን ሕክምናውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ማሕበራዊ ደገፍን ሓዊሱ ካብ ስርዓታዊ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ንዝደሓና ንደገፍ ኣገልግሎታት ዝኸውን ምወላን ፀጋታትን ምውሳኽ።

## ዘይመንግስታውያን ትካላትን ሲቪክ ማሕበራትን

**ንቕሓት ምዕባይ፦** ወፍርታት መዕበዪ ግንዛበ ምክያድ ንህዝቢ ብዛዕባ ዝርገሐን ሳዕቤናትን ስርዓታዊ-ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ምምሃር፣ ካብ ብህይወት ዝተረፉ ግዳያት ሓገዝ ክረኽባ ምትብባዕ፣ ከምኡ'ውን ማሕበረሰባት ዓመፅ ንምክልኻል ስጉምቲ ንኽወስዱ ምውዳብ ይግባእ።

**ድጋፍ ምሃብን ጎስጓስን፦** ንግዳያት ዓመፅ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት፣ ምኽሪ፣ ሓገዝ ግልጋሎት ሕጊን ውሑስ ቦታታትን ምሃብ። ብተወሳኺ መሰልን ጠለብን እዘን ግዳያት ክማለአለን ብደረጃ ከባቢ፣ ሃገራውን ኣህጉራውን ምጉስጓስ ምክያድ ከምኡ እውን ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ንምትግባር ድፍኢት ምግባር።

**ደቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን ምስታፍ፦** ብትምህርትን መደባት ምዕባይ ንቕሓትን ኣቢልካ ኣወንታዊ ተባዕታይነት ብምስፍሕፋሕ፣ ደቂ ተባዕትዮ ኣንፃር ጎዳእቲ ስርዓተ-ፆታዊ ስርዓታት ክቃለሱ ብምግባር፣ ኣንፃር ስርዓተ-ፆታዊ ዓመፅ ክዛረቡ ብምግባር ደቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን ከም መሓዙት ቃልሲ ኣንፃር ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ክሳተፉ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፣ ስርዓተ-ፆታዊ ጉዳያት ምስ ስርዓታት ኣብያተ ትምህርቲ ክውሃሃዱ ድፍኢት ክግበር ኣሎዎ።

## ዓለምለኻውያን መሻርኽቲ

**ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ፦** ሃገራዊ መስርሓት ምላሽ ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ንምሕያል ቴክኒካዊ ሓገዝን ፋይናንሳዊ ደገፍን ምቕራብ። እዚ ድማ ንመንግስታዊ ትካላት፣ ሲቪላዊ ማሕበራትን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ምህናፅ ዓቕሚ ዝሓወሰ ይኸውን። እቶም ኣገልግሎታት ኣብ መዕቖቢ እቶም ግዳያት ዓመፅ ዝኾኑ ማእኸላት ይወሃቡ።

**ምዕባይ ምትሕብባር (foster collaboration)፦** ኣብ መንጎ መንግስታት፣ ሲቪላዊ ማሕበራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ፃዕርታቶም ንምውህሃድ፣ ብሉፃት ተሞክሮታት ንምውስሳድን ንመከላኸልን ምላሽን ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ዝኸውን ፀጋታት ብዝለዓለ ደረጃ ንምጥቃም ሽርክነትን ምትሕብባርን ምዕባይ የድሊ።

**ንለውጢ ፖሊሲ ምጉስጓስ፦** ምክልኻልን ምላሽን ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ቀዳምነት ክወሃቦ፣ እኹል ሃፍቲ ክምደበሉ፣ ከምኡ'ውን መንግስታት ንስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ንምፍታሕ ተሓተትቲ ንምግባር ብደረጃ ሃገራውን ኣህጉራውን ፅገናታት ፖሊሲ ክግበሩ መድፋእ። ነቲ ሓድሽ ዝተሓገገ መሰጋገሪ ፖሊሲ ፍትሒ ንምትግባር ምድጋፍ።

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሕነት (Psychological Wellbeing)

### መንግስቲ

**ኣብ መሰረተ-ልምዓት ጥዕና ኣእምሮ ሃፍቲ ምውዓል፦** እኹል ሃፍቲ ብምምዳብ ትካላትን ኣገልግሎታትን ጥዕና ኣእምሮ ብምስፍሕፋሕ ኹለን ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ ትሑት ኣገልግሎት ዘሎወን ገጠራት ዝርከባ ግልጋሎት ኣእምራዊ ጥዕና ክረኽባ ይግባእ።

**ፖሊሲታት ጥዕና ኣእምሮ ምትግባር፦** ንቕሓት ጥዕና ኣእምሮ፣ ትምህርትን ደገፍን መደባት ቀዳምነት ዝህቡ ፖሊሲታት ምምዕባልን ምትግባርን ምስ ዝፀንሑ ስርዓታት ክንክን ጥዕና ብምውህሃድን። ኣብ ከም በዓል ትግራይ፣ ኣምሓራን ቤንሻንጉል ጉሙዝን ዝበላ ክልላት ስልጠና ምሕዋይ ስነ-ኣእምራዊ ሃስያ (trauma) ምሃብ።

**ማሕበረ-ቁጠባዊ ፀቕጥታት ምእላይ፦** ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘሎዉ ኣእምሮኣዊ ፀቕጥታት ንምቅላል ኣብቲ መፅናዕቲ ከም ምኽንያት ፀቕጥታት ዝተፀርሑ ፀገማት ዘይውሑስ ስራሕን ፋይናንሳዊ ዘይምርግጋእን ንምፍታሕ ዝሕግዙ ማሕበረ-ቁጠባዊ ፖሊሲታት ምትግባር።

ምስ ኣገልግሎት ሪፈራል ዝተኣሳሰሩ ምሉእ ኣገልግሎት ዝህቡ ናይ ተሃድሶ ማእከላትን ውሑስ ቦታታትን ምጥያሽን ምድጋፍን፤ ኣእምራዊ ሃስያ ንዘሎወን ደቂ ኣንስትዮን ሕብረተሰብን ንምስትኽካል ግልጋሎት ምኽሪ ምስፋሕ (ውልቃዊ፣ መዛኑ፣ ጉጅለን ሕብረተሰብን)።

## ዘይመንግስታውያን ትካላትን ማሕበራት ሲቪክ ሕብረተሰብን

ሀ) **ኣገልግሎት ደገፍ ጥዕና ኣእምሮ ምሃብ፡-** ንደቂ ኣንስትዮ ተበፃሒን ምስ ባህሊ ዘይፃባእን ክንክን ጥዕና ኣእምሮ ንምሃብ ምኽሪ፣ ፍወሳ (Therapy)ን ደገፍ ጉጅለታትን ሓዊሱ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ ኣገልግሎት ደገፍ ጥዕና ኣእምሮ ምምስራት። ፈላማይ ኣብ ትግራይ፣ ኣምሓራ፣ ቤንሻንጉል ክልልን ኣብ ገለ ከባቢታት ኦሮሚያ ዝርከቡ ማሕበረሰባትን ትኹረት ምግባር።

ለ) **ንመሰላት ጥዕና ኣእምሮ ደቂ ኣንስትዮ ምጉስጓስ፡-** ስርዓተ-ፆታ መሰረት ዝገበሩ ፅቕጢታት ንምፍታሕን ንስርዓተ-ፆታ ዝምልከት ክንክን ጥዕና ኣእምሮ ንምድንፋዕን ዝግበር ተበግሶታት ሓዊስካ ንመሰላት ጥዕና ኣእምሮ ደቂ ኣንስትዮ ቀዳምነት ዝህቡ ፖሊሲታትን መደባትን ክወፁን ክትግበሩን ድፍኢት ምግባር። ሐ) ንቕሓት ምዕባይ፡- ኣብ ዙርያ ጉዳያት ጥዕና ኣእምሮ ዝፍጠር ምግላል ንምንካይን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘድልየን እዋን ሓገዝ ክረኽባን ናይ ንቕሓት ጎስጓሳትን ትምህርታዊ ዓውደ መፅናዕትታትን ምክያድ።

## ዓለም ለኸ መሻርኽቲ

**ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ፡-** ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ ገጠርን ዝተገለሉ ማሕበረሰባትን ከምኡ እውን ከም ኣብ ትግራይ ዝበሉ ኣብ ድሕሪ ኩናት ዝርከባ ቦታታት ዝካየዱ መሰረተ ልምዓት ጥዕና ኣእምሮን ዓቕሚ ምዕባይን ንምጥንኻር ቴክኒካዊ ሓገዝን ፋይናንሳዊ ደገፍን ምሃብ።

**ዓቕሚ ህንፀት፡-** ንናይ ከባቢ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣእምሮ ተበግሶታት ምህናፅ ዓቕሚ ምድጋፍ፤ እዚ ድማ መደባት ስልጠና፣ ዓውደ መፅናዕትታትን ምስ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመፁ ክኢላታት ምልውዋጥን ዝሓወሰ እዩ።

**ምርምርን ምእካብ መረዳእታን፡-** ንጠለባት ጥዕና ኣእምሮ ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ብዝበለፀ ንምርዳእን ኣብ ጭብጢ ዝተመስረተ ምትእትታዋትን ፖሊሲታትን ንምሕባርን ዝግበር ፃዕሪ ምርምርን ምእካብ መረዳእታን ምድጋፍ።

# ተበፃሕነት ፍትሒ

## መንግስታዊ ስጉምትታት

ሀ) **ሕጋዊ ቅርፃታትን ኣገባባትን ምፍታሕ ዘይምርድዳእ ምጥንኻር፡-** ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ልክዕ ንላዕሊ ዝሃስዩ ዘሎዉ ምስ መሬት፣ ፍትሕን መሰል ንብረትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣብ ምፍታሕ ትኹረት ምግባር።

ለ) ብፍላይ ኣብቲ ደቂ ኣንስትዮ ፍትሒ ኣብ ምርካብ ዝዓበየ ብድሆታት ከጋጥመን ዝኽእል ገጠራት ተበፃሕነት ኣገልግሎታት ሕግን መደባት ሓገዝ ሕግን ምዕባይ። ሰብ ሞያ ሕግን ሽማግለታት ማሕበረሰብን ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ጉዳያት ብኣግባቡ ክሕዙ ብቑዓት ንምግባር ኣብ ዝወሃቡ መደባት ስልጠናን ህንፀት ዓቕምን መዋእለ ንዋይ ምውዓል።

ሐ) ንጉዳያት ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ካልእ ዓይነት ኣድልዎን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝከታተሉ ፍሉያት ኣብያተ ፍርዲ ወይ ቤት ፍርዲ ምቛም፣ ቅልጡፍን ዘይሻራዊን ፍትሒ ምርግጋፅ። ዓቕሚ ኣባላት ፖሊስ ኣብ ምፅራይ ጉዳያት ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ንምዕባይ፣ ስርዓታዊ-ፆታዊ ዓመፅ ጉዳያት ዝምልከት ዝተፈለየ ነጋባእያ ምምስራትን እዚ እንተዘይ ተኻኢሉ ንግዳያት ዓመፅ ጥራይ ዝኾኑ መፀበዪ ክፍልታት ምፍጣር።

## ዘይመንግስታውያን ትካላትን ማሕበራት ሲቪክ ሕ/ሰብ

ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ መሰላተንን ዘሎዉ ሕጋዊ መፍትሒታትን ንክፈልጣ መደባት ንቕሓተ-ሕግን ትምህርትን ምድላው፤ ደቂ ኣንስትዮ ፍትሒ ንኸይረኽባ ዝዕንቅፉ ስርዓታዊ ዕንቅፋታትን ወገናውነትን ንምፍታሕ ኣብ ስርዓተ ፍትሒ ፅገናታት ፖሊሲን ምምሕያሻትን ክግበር ምጉስጓስ። መሓውራት ደቂ ኣንስትዮን ብህይወት ዝተረፉ ግዳያትን ኣብ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሕን ኣፈፃፅምኡን ብንጥፈት ክሳተፉን ተጠቀምቲ ኽኾናን ድፍኢት ምግባር።

ኣብቲ ከይዲ ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎአን ብምርግጋፅ ንጠለባትን ረብሓታትን ደቂ ኣንስትዮ ቀዳምነት ዝህቡ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ ናይ ሽምግልናን ካልኦት መፍትሒታት ጎንፂ ኣገባባት ምምስራት።

## ዓለም ለኸ መሻርኽቲ

ኣብ ኢትዮጵያ ልዕልና ሕጊ ንምጥንኻርን ንስርዓተ-ፆታ ትኹረት ዝገብሩ ስርዓታት ፍትሒ ንምድንፋዕን ዝዓለመ ተበግሶታት ምድጋፍ። እዚ ቴክኒካዊ ሓገዝን መደባት ህንፀት ዓቕምን ዝሓውስ እዩ። ንደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠርን ዝተገለሉ ማሕበረሰባትን ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ድጋፍ ሕግን ደገፍ ኣገልግሎትን ዝህቡ ፕሮጀክትታት ብምምዋል ተበፃሕነት ፍትሒ ምምሕያሽ። ምስ ናይ ከባቢ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ንኣድማዕነት መደባት ሓገዝ ሕግን ኣገባባት ኣፈታትሓ ባእስን ምክትታልን ምግምጋምን ከምኡ ክመሓየሹ ዝግባእ መዳያትን ዝድገሙ ብሉፃት ኣሰራርሓታትን ምልላይ።

# ፖለቲካን ሲቪካዊ ተሳትፎን

## መንግስቲ

**መደባት ትምህርቲ ሕጊ ምዕባይ፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕግታትን ፖሊሲታትን ዘለወን ንቕሓት ንምዕባይ (ብፍላይ ኣብ ከም ሕጊ ዕዮ ዝኣመሰሉ ብዙሕ ዘይፍለጡ መዳያት ትኹረት ብምግባር) ኩለመዳያዊ መደባት ትምህርቲ ሕጊ ምትግባር ኣገዳሲ እዩ። ምስ ማሕበረሰብ ብንራኽበሎም መንገድታትን ትምህርታዊ ጎስጓስን ኣቢልና ምስ ባህሊ ዘይፃበኡ ሓበሬታታት ምሃብ።

**ፖለቲካዊ ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ምድንፋዕ፡-** ኣብ ኩሉ ብርኪታት መንግስቲ ዘሎ ፖለቲካዊ መሪሕነት ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ መተባብዒ ኣወንታዊ ፖሊሲታት ምትግባር። ፍትሓዊ ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሳነ ዝህቡ ኣካላት ንምርግጋፅ ኣብ ስርዓታት መረፃ ኮታ ምቕማጥ የድሊ።

**ተሳትፎ ምርጫ ምርግጋፅ፡-** ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዘተባብዑ ምስርሓት መረፃ ምጥንኻር ። ከም ምድንጓይ ምርካብ ካርድ ዝኣመሰሉ ሎጂስቲካዊ ብድሆታት ምፍታሕን ኣብ ናቑጣታት ምርጫ ንዝፍጠር ስግኣት ዓመፅ ንምቅላልን ስጉምትታት ፀጥታ ምውሳድ።

## ማሕበራት ሲቪል ሕብረተሰብ

**ፖለቲካዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ምሕያል፡-** ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ከይዲ ብኣድማዒ መንገዲ ንኽዋፈራ ንምጥንካር መደባት ስልጠናን ዓቕሚ ህንፀትን ክጠናከር ኣሎዎ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ቦታታት ንኽሳተፉ ዘድልዩ መሳርሒታት ንምዕጣቕ ስልጠና ኣመራርሓ፣ ምምዕባል ክእለት ምጉስጓስን፣ናይ ምምካርን ክትትል መደባት ምሕንፃፅ።

**ንቕሓት መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ምድንፋዕ፡-** ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝምልከቶም ሕግታትን ሓዊሱ ንቕሓት መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ጎስጓሳት ንቕሓትን ማሕበረሰባዊ ዓውደ መፅናዕትታትን ምክያድ። ድምጺ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይን ፆታዊ ማዕርነት ንምድንፋዕን ካብ መሰረታዊ ንጥፈታትን ምጉስጓስን ተበግሶታት ምዕባይ።

**ሲቪካዊ ትምህርቲ ምሕያል፡-** ምስ መንግስታዊ ትካላትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምትሕብባር መደባት ሲቪካዊ ትምህርቲ ንምዕባይ፣ ኣብ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ፣ ሓላፍነት ዜግነትን መስርሕ ምርጫን ትኹረት ምግባር። ዘሎ ፖለቲካዊ ባህልን ኣታሐሳስባን ንምቕያር ደቂ ተባዕትዮ ደቂ ተባዕትዮ ክሳተፉ ኣሎዎም።

## ዓለምለኻውያን መሻርኽቲ

**ንፖለቲካዊ ኣመራርሓ ደቂ ኣንስትዮ ምድጋፍ፡-** ንፖለቲካዊ ኣመራርሓን ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ ዘስፋሕፍሑ ተበግሶታት ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ። ንደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ፣ ንተልእኾታት ትዕዝብቲ መረፃ፣ ንፆታ ዝሓቖፈ ምሕደራ (gender-inclusive governance) ዝሕለቑ ሲቪላዊ ማሕበራትን ዝወሃቡ መደባት ህንፀት ዓቕሚ ብገንዘብ ምምዋል።

**ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነት ዘሰጉሙ ፖሊሲታት ክወፁ ምጉስጓስ፡-** ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካዊ ትካላት ንምዕባይ ዝውሰዱ ስጉምትታት ሓዊሱ ብደረጃ ሃገር ፖሊሲታትን ሕግታትን ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነት ንኽፀድቑን ንኽትግበሩን ምጉስጓስ። ስርዓተ-ፆታዊ ጉዳያይ ኣብ ሕግታትን ደንብታትንን መረፃ ንክሰፍሩ ዝግበር ፃዕርታት ምድጋፍ።

**ከይዲ ምርጫ ምክትታልን ምግምጋምን፡-** ኣብ ስርዓተ-ፆታዊ መርኣይታትን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮን ትኹረት ብምግባር ከይዲ ምርጫ ንምክትታልን ንምግምጋምን ዝሕግዙ ተበግሶታት ምድጋፍ። ንናፃ ተልእኾታት ትዕዝብቲ ምርጫ ምወላ ምሃብን ኣብ ስርዓታት ምርጫ ግሉፅነትን ተሓታትነትን ዘተባብዑ ተበግሶታት ምድጋፍን።

# ሰላምን ድሕንነትን

## ስጉምትታት መንግስቲ

**ምጥንኻር ሰላምን ፀጥታን፡-** ኣብ መላእ ሃገር ሰላምን ፀጥታን ንምብራኽ ዝግበሩ ፃዕርታት ኣገባባት ኣፈታትሓ ግጭታት፣ ተበግሶታት ህንፀት ሰላምን መድረኻት ዘተ ማሕበረሰብን ብምድጋፍ ምጥንኻር። ብፍላይ ኣብተን ብግጭት ዝተሃስያ ክልላት ንቶም ኣውራ መሰረታዊ ጠንቅታት ግጭት ዝቐርፍ ፖሊሲ ምክልኻልን ምፍታሕን ግጭት ምድጋፍን ማሕበራዊ ምትእስሳር ኣብ ዘጠናኽሩ መደባት ምስራሕን የድሊ። ብፍላይ ኣብ ኣምሓራ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ፣ ትግራይ፣ ጋምቤላን ገለ ከባቢታት ኦሮምያን ትኹረት ምግባር። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ከይዲ ሰላም፣ ዘተን ተበግሶታትን ምስታፍ።

ዝያዳ ዕድላት ስራሕ ንምፍጣርን ተበፃሕነት ትምህርትን ክንክን ጥዕናን ንምምሕያሽን ፖሊሲታት ምትግባር፣ ብደቂ ኣንስትዮ ዝለዓሉ ቁልፊ ፀገማት ምፍታሕ። ኣብ ምስፋሕ መሰረተ-ልምዓት ብፍላይ ድማ ፅሩይ ዝስተ ማይ፣ ፅርግያታትን ትካላት ክንክን ጥዕናን መዋእለ ንዋይ ብምፍሳስ ፀጥታን ድሕነትን ማሕበረሰባት ንምዕባይ። ስርዓተ-ፆታዊ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ) ንምክልኻልን ንምምላስን ዝሕግዙ ኩለመዳያዊ ስትራተጂታት ምምዕባል። እዚ ድማ ምውሳኽ ኣገልግሎት ደገፍ፣ ወፍሪ መዕበዪ ንቕሓት፣ ከምኡ'ውን መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ንምሕላው ዝግበሩ ሕጋዊ ፅገናታት ይሓውስ።

## ዘይመንግስታውያን ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን

መሰረታዊ ወጥሪታት ንምፍታሕን ማሕበራዊ ስኒት ንምድንፋዕን ከም ሽምግልናን ዕርቅን ዝኣመሰሉ ካብ ማሕበረሰብ ዝበቖሉ (grassroots level) ተበግሶታትን መደባትን ብምጥቃም ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ ከይዲ ህንፀት ሰላም ምጥንኻር። ደቂ ኣንስትዮ ንጡፋት ተሳተፍቲ ክኾና ብምግባር ኣብ ፃዕርታት ህንፀት ሰላም ብምስታፍ ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎዎን መሪሕነትን ተሓላቕነት ሰላም ከም ብልጫ ምጥቃም ይካኣል። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፃዕርታት ህንፀት ሰላም ንኽዋፈራን ንመሰላተን ኣብ ከባብያውን ሃገራውን መድረኻት ክሟጎታን ምእንታን ናይ ምብቃዕ ስልጠናን ደገፍን ምሃብ። ብዕጥቃዊ ግጭት ወይ ዓመፅ ንዝተሃስያ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ደገፍ መርበባትን ውሑስ ቦታታትን ምምስራት፣ ምኽሪ፣ ደገፍ ሕግን ቁጠባዊ ሓገዝን ምቕራብ። ናይዚ ዕላማ ድማ ዓቕሚ ፅንዓተንን ሕውየተንን ደቂ ኣንስትዮ ምዕባይ እዩ።

## ኣህጉራዊ መሻርኽቲ

ህንፀት ሰላምን ሰላማዊ ኣፈታትሓ ግጭትን ምድጋፍ፣- ኣብ ኢትዮጵያ ንዝካየዱ ተበግሶታት ህንፀት ሰላምን ምፍታሕ ፀገማት ግጭትን ቴክኒካውን ፋይናንሳውን ደገፍ ምሃብ፣ ኣብ ምህናፅ ዓቕሚ ከባብያዊ ተዋሳእቲ ሰላም፣ ኣብ ምምችቻው ከይዲ ዘተ፣ ከምኡ'ውን ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣገባባት ህንፀት ሰላም ምድንፋዕ። ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም፣ ፀጥታ፣ ስርዓተ-ፆታዊ ማዕርነት ኣብ ምድንፋዕ ንዝግበር ፃዕሪ መንግስትን ሲቪል ማሕበራትን ንምድጋፍ ቴክኒካውን ገንዘባውን ሓገዝ ምቕራብ። መሰረታዊ ምኽንያታት ስግኣታት ፀጥታን ዓመፅን ንምፍታሕ ተበፃሕነት ትምህርቲ፣ ክንክን ጥዕናን ቁጠባዊ ዕድላትን ደቂ ኣንስትዮ ንምምሕያሽ ዝዓለመ መደባት ብፋይናንስ ምድጋፍ። ትካላት ውሽጢ ዓዲ ንምጥንኻርን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ምስ ሰላምን ድሕንነትን ዝተኣሳሰሩ ከይዲ ውሳነታት ንኽሳተፋ ዝሕግዙ ተበግሶታት ህንፀት ዓቕሚ ምድጋፍ።

# መወከሲታት / References


Central Statistical Agency (CSA) [Ethiopia] and World Bank. 2018. Ethiopian Socioeconomic survey 2017/18. Survey Report. Addis Ababa, Ethiopia.

Central Statistical Agency (CSA) [Ethiopia] and ICF. 2016. Ethiopia Demographic and Health Survey 2016. Addis Ababa, Ethiopia, and Rockville, Maryland, USA: CSA and ICF.

Creswell, J. W., & Creswell, J. D. (2017). Research design: Qualitative, quantitative, and mixed methods approaches. Sage publications.

Ethiopian Statistics Service (ESS) [Ethiopia] 2021. Labour and Migration Survey Key Findings. Addis Ababa, Ethiopia.

The Federal Democratic Republic of Ethiopia (2019), Fifth National Report on Progress made in the Implementation of the Beijing Declaration and Platform for Action (Beijing +25). Document available at https://shorturl.at/3JsU3

IFPRI. (2012). WEAI Resource Centre available athttp://weai.ifpri.info/ . Retrieved on August 15, 2020.

World Economic Forum. (2019). Global Gender Gap Report 2020.






NETWORK OF ETHIOPIAN WOMEN'S ASSOCIATIONS

Tel: +251118217758
email: newaethiopia@gmail.com
www.newaethiopia.org

of.newa
newa_ethiopia
@newaethiopia
www.linkedin.com/in/newa




# መፅናዕቲ ኩነታትን ድልየታትን **ደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ**

**ፅሚቕ ሪፖርት**


የሴቶችና ማሕበራዊ ጉዳይ ሚኒስቴር
Ministry of Women and Social Affairs

Funded by
the European Union

NEWA

OXFAM